


Scanned with CamScanner

# #ረመፅ

ልሳን ቃልሲ መሰዓት #ረመፅ - ካልኣይ ሕታም ፡ ግንቦት 2013 ኣቆጻፅራ ግእዝ!



# ማሕበረ ቅዱሳን
# እንትኾላዕ

# "ማሕበረ ቅዱሳን" እንትቕለዕ

ወዲ ሓየሎም

1983 ኣ/ት(ኣቆፃፅራ ትግራይ) ፋሺስታዊ ስርዓት ደርግ ከወድቕ ኣዋርሕ ዝተረፈሉ ኣዋን 'ፕሮጀክት ደርጊ' ንከቕፅሉ ዕማም ዝተውሃቦም በዓል ዲያቆን ዳንኤል ከብረትን ካልኦት ተዓለምቲ ውትድርና እቲ ስርዓትን ብዘቕረብዎ ጥንስስ ሓሳብ ሓደ ማሕበር ተመስሪቱ። 'መንፈሳዊ ኣስተምህሮ ምዕባይ' ዝብል ጉልባብ ተኸዲኑ መቐፀልታ ትምክሕቲ ኮይኑ ከገልግል ከይሲ ስራሕቱ ድማ ጀሚሩ።

ስርዓት ደርጊ ብጀጋኑ ተጋደልቲ ደቂ ትግራይ ይድርዐምን ይጠፍእን ከምዘሎ ኣፀቢቑም ዝተረድኦ መስረቲ እቲ ማሕበር ፣ እዚ ንሓድሽ ስርዓት ይግስግስ ዝነበረ ብደቂ ትግራይ ዝምራሕ ሓይሊ ገና ቅድሚ እግሪ ምትኻሉ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ሓሳባት ጉልባብ ገይሮም ቅቡልነት ህዝቢ ከስእን ምግባር ገና ብጉሓቱ ዝጀመርዎ ስራሕ ነይሩ።

እዚ ማሕበር ጋና ሕጋዊ ኣፍልጦ ከይረኸበ እናሃለወ ኣትሒዙ ማእኸሉ ኣዲስ-ኣበባ ብምግባር ኣብ ዝተፈላለዩ ከፋላት መሓውራቱ ኣስፊሑ ፀረ ሕብረ-ብሄራዊ ስርዓት ሓያል ወፍሪ ፕሮፖጋንዳ ጀሚሩ። ዓውደ ምሕረታት ኣብያተ ክርስትያንን ቤት-ትምህርቲታት ሰንበትን ዝተቖፃፀረ እዚ ሓይሊ ንሱ ዝተቖፃፀረን ቤተ-ክርስትያን ቃለ እግዚኣብሄር ዝስመዐለን ምኳነን ተሪፉ ርሱን ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ዝወሃበለን መመልመሊን መስለጠኒ ኣሃዳውያን ሓይልታት ኮና። እቲ ማሕበር ዝውንነን "ስምዓ-ፅድቅን ሐመርን" ዝበሃላ ልሳናት ጋዜጣ ተጠቒሙ ህዝቢ ብምድንጋር ሓያል ወፍሪ እናካየደ ዝመፀ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ተግባርን ዝሓዘለ ውዳበ ድማ ኮነ።

ህወሓት ፀረ-ተዋህዶ ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስትያን እያ ዝብል ጠቐነ ብውዳበታቱ ኣቢሉ ብዕቱብ ሰርሐሉ። ኣብ መሪሕነት እታ ቤተ-ክርስትያን ዝነበሩ ብፁኣን ኣቦታት ደሞምን ዓፅሞምን ቆፂሮ ተጋሩ ኾይኖም ንዝረኸቦም ሓያል ናይ ስም ምጥፋእ ወፍሪታት ኣካየደ። ብፍላይ ድማ ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ጳውሎስ ዘመንበረ ኣክሱም (ፓትሪያርከ ቤተ-ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ) ዝነበሩ ካብ ቤት-ፅሕፈታት እቲ ማሕበር ብዝፍብረኹ ፀለመታት በትሪ ቀጥቀጦም። ፖለቲከኛ እዮም፣ ሽጉጥ ሒዞም ረኺብናዮም፣ ካልኦት ብዙሕ ከትፅሕፎን ከትዛረቦን ዘሰክፉ ጠቐንታት ኣንበልበሉ።

እቲ ብፅልኢ ህዝቢ ትግራይ ዝተፀለለ ማሕበር፣ ህዝቢ ትግራይ ብህወሓት ዝተፈለየ ጥቕሚ ይረክብ ኣሎ በለ። ህዝቢ ትግራይ ጠበቓ ህወሓት ስለዝኾነ ኣብ ፀረ-ህዝቢ ትግራይ መስረት ገይርኻ ንከስራሕ ኣንፈት ኣቐመጠ።
ዘርዚርካ ዘይውድኣ መስሪ ተግባራት እናፈፀመ ዝመፀ ውዳበ ምኳኑ ግልፂኳ እንተነበረ ዝተፈላለዩ ፀቕጥታትን ፃዕሪታትን ብምግባር



Scanned with CamScanner

ኣብ 1993 ኣቆፃፅራ ትግራይ (ኣ/ት) ኣብ ትሕቲ ቤት-ትምህርቲ ሰንበት ኮይኑ "ማሕበረ-ቅዱሳን" ብዝብል ስያመ ከንቀሳቐስ ሙሉእ ኣፍልጦ ተውሂቡ።

ድሕሪ ኣፍልጦ ምርካቡ ካብ ኣሰራርሓን ደንቢን ቤት-ትምህርቲ ሰንበት ወፂኡ፣ ምምላስ ልዕልነት ኣምሓራ መሰረቱ ገይሩ ስራሕቱ ኣጠናኺሩ ቀፂሉ እዩ። ልዕልነት ትምክሕቲ ከመልስ ድማ ኣብዞም ዝስዕቡ ዋናዋና ተግባራት መሰረት ገይሩ ስራሕቱ ጀሚሩ፡-

* ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝርከቡ 2ይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኮሌጃትን ዩኒቨርሲታትን ኣባላት ብሰፋሓት ምፍራይ
* ፍልፍል እቶቱ ንምዕባይ ካብ ኣፍልጦ ቤት-ትምህርቲ ሰንበትን ዋና ቤተ-ክህነትን ወፃኢ ኣብ ዙርያ ደብረታት ገንዘብ ይእከብ። ዝተፈላለዩ ማእኸል መሸጢ ንዋየ ቅዱሳትን ኣብያተ መዝሙርን ኸፊቱ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት እናዳለወ ይሸውጥ። ንመስርሒ ሓደሽቲ ኣብያተ ክርስትያንን መፀገኒ ገዳማትን እናበለ ዝኣከቦ ቕርሺ መጠናኸሪ እቲ ማሕበር ይገብሮ። ብሽም ዝተፈላለዩ ውልቀ ሰባት እንዳ ምግቢ፣ እንዳ መሸታን ናይ ሃይማኖት ሰብ ኾይንካ ንምዕውዑ ዘሰክፉ ካልኦት ትካላትን ከፊቱ። ብሽም ምግባረ-ሰናይ ፕሮጀክት እናቐረፀ ካብ ኣባላት፣ ምእመናንን ሰብ ሃፍቲን ገንዘብ ይእከብ። ኣብ እዋን ፆመ-ኣርብዓ ኣብ ኩለን ዩኒቨርሲታት እታ ሃገር ቁርሲ ተምሃሮ እናኣከበ ብምሻጥን ካልኦት ሚላታትን ተጠቒሙ ሃብቲ እዚ ውዳበ ከዓቢ እናሰርሑን ይሰርሑን ኣለው።

* ኣብ ስርቂን ጉሕለትን ጥንታዊ ቅርስታት ትግራይ ብዕቱብ ይሰርሕ። ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ጥንታውያን ገዳማትን ታሪኻዊ ኣብያተ-ክርስትያናትን ብኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኦርቶዶክስ ኮነ ካልኦት በፃሕቲ ከይህወፁ ይገብር። ኣብ ትግራይ ዘለው በዓላተ ኣብያተ ክርስትያናትን ንግስታትን ብምፅናዕ ሃወፅቲ ናብ ትግራይ ከይኸዱ ኣብ ደብረታት ኣምሓራ ተደረብቲ በዓላት ይፈጥር። ሃወፅቲ ምርጭኦም እቲ ናይ ኣምሓራ ደብሪ ምእንታን ክገብሩ ሰፊሕቲ ጎስጓሳት ሚድያ ይገብር። ታሪኻዊያን ከምዝኾኑ፣ ዝተፈለየ ምሕረትን ፀጋን ከምዘለዎም ብምምሳል ብበረርቲ ፅሑፋትን፣ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ቴሌቪዥናት፣ ሬድዮናትን ካልኦት መራኽብቲ መንገድታትን ተጠቒሙ ኣግዚፉ ብምቕራብ ኣመንቲ እቶም ፀጋን ታሪኽን፣ ፈውስን ምሕረትን ዘለዎም ቅዱሳት ገዳማት ትግራይ እናራሕርሑ ብሕሶት ትርኸት ናብ ዝገዘፉ ገዳማት ኣምሓራ ከውሕዙ ይገብር። ንኣብነት ፡- ኣብ ግሸን ማርያም ዘየለ ታሪኽ ብምቕማጥን ፤ ኣብ ጣና ዝርከብ ቤተ-ክርስትያን ማርያም እውን ምስ መንበሪት ዙፋን ፅላተ-ሙሴ ፅዮን ኣክሱም ኣነፃፂሩ ናይ ባዕሉ ልበወለዳዊ ነበረያ ነበረታት ብምድራስ ዋሕዚ በፃሕቲ ይቕልስ። መሳለጢ እዙይ ድማ ኣብ መላእ ሃገር ብውዳበታቱ ኣቢሉ ጎስጓሳት ብምግባር "መርሃ-ግብሪ መንፈሳዊ ጉዕዞ" ብምምዕርራይን ቀረባት ትራንስፖርትን ይህብ።

ኣብቲ ቀንዲ ዝተሰለፉሉ ፖለቲካዊ ስርሖም እንትንርኢ ማእኸሎም መሰል ዓርሰ-ውሳነ ዘረጋገፀ ሕገ-መንግስቲ ምፍራስን እቲ ሕብረ-ብሄራዊ ስርዓት ዶኺዕኺዕ ኣቢልካ ምምላስ "ጠቕላይ-ኣግላይ" ኣሃዳዊ ስርዓትን እዩ። ህዝቢ ትግራይ ካብ ካልኦት ብዝተፈለየ ይለምዕ ስለዘለዎን ከለላ እቲ ስርዓት ብምዃኑን ደራብካ ከውቃዕ ከምዝግባእ ግልፂ ኣንፈት ቃልሲ ኣዳልዮም እዮም።

ኣብ 1993 ኣ/ት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስኣበባ ዝተኻየደ ዓመፅ ተምሃሮ ምስ ሓይልታት ፖለቲካ



Scanned with CamScanner

ተዋዲዱ መሪሑዎ። ኣብ 1997 ኣ/ት ብውድብ ቅንጅትን ሓይልታት ትምክሕቲን ይካየዱ ዝነበሩ ጎስጓሳት ምዕልእላእ ተጋሩ ኣጀንዳ ኣብ ምቕራፅን ምብፃሕን ብላዕለዋይነት መሪሖ። መረፃ ተጭበርቢሩ ብምባል ዝተልዓለ ዓመፅ ኣንፈቱ ቀይሩ ሃፍትን ንብረትን ተጋሩ ከዝረፍን ተጋሩ ከሳደዱን ገይሩ። ካብ 2008 ኣ/ት ጀሚሩ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝተኻየዱ ወፍሪታት ዘርኢ ምፅናት ተጋሩ ምስ ሃገረ-ስብከት ምዕራብ ጎጃምን ባህርዳርን ኣቡነ ኣብርሃም ተናቢቦም ሰሪሖም። ኣብ ጎንደር ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ጨፍጫፋት፣ ምፍንቓልን ዘረፋን ወሳናይ ግደ ነይርዎ።

እዚ ኣብ ከይዲ እናሰፍሐ ወረዳ ምስ ወረዳ ናብ ምግጫው ንኸዓቢን ህዝቢ ትግራይ ከይሰምር ኣብ ምግባርን ግደ ማሕበረ-ቅዱሳን ዝለዓለ ነይሩ። ንኣብነት ኣብ መቐለ ብዝርከቡ ኣባላት ማሕበረ-ቅዱሳን ሽርሒ ዝተፈጠረ ጎንፂ መራሕቲ ሃይማኖት ናብ ከተማ ዓዲግራት ከጋፋሕ ብምግባር ከባቢያዊ መልከዕ ኣትሒዙዎ እዩ። ምስ ዕሉላት ኣውራጃውያንን ዕሉላት ባንዳታት እዚ ዘመንን ተናቢቡ ዝሰርሕ እዚ ማሕበር፥ ዝቐረፆም ኣጀንዳታት ናብ ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ ኣልሒኹ ብምእታው ኣብ ሞንጎ ጋንታታት መቐለ ሰብዓ እንደርታን ወልዋሎ ዩኒቨርሲቲ ዓዲግራትን ብደገፍቲ ዝተፈጠረ ጎንፂን ዝተፈፀሙ ሕመቓትን

# ዓውደ ምሕረታት ኣብያተ ክርስትያንን ቤት-ትምህርቲታት ሰንበትን ዝተቖፃፀረ እዚ ሓይሊ ንሱ ዝተቖፃፀረን ቤተ-ክርስትያን ቃለ እግዚኣብሄር ዝስመዐለን ምኻነን ተሪፉ ርሱን ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ዝወሃበለን መመልመሊን መሰልጠኒ ኣሃዳውያን ሓይልታት ኮና።

እዚ ማሕበር ኣብ ትግራይ ኢዱ ዘርጊሑ ብምእታው ሰፋሕቲ ስራሕቲ ጥፍኣት እናሰርሐ መፂኡ እዩ። ብሽም ሃይማኖት ኣባላት እናፍረየ ኑቶም ዘፍረዮም ድማ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣመራርሓ እቲ እምነትን ዝተፈላለዩ ጎስጓሳት ፀለመ ብምክያዱ ኣብያተ ክርስትያናት ትግራይ(ኣብ ከተማ ዘለዋ) ህውከት ከነግሰለን ገይሩ። ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ዝፍጠሩ ጎንፅታት መዕለቢ ከህቡ ኣካላት መንግስቲ እንትመከሩ መንግስቲ ናብ ሃይማኖት ኢዱ የእቲ ከምዘሎ እናምሰለ ምልዕዓላት የካይድ ነይሩ።

ብጭቡጥ መረዳእታ ዝረጋገፅ ስራሕ እዚ ሓይሊ ጥፍኣት እዩ።

24 ጥቅምቲ 2013 ኣ/ት ዝተኣወጀ ምንፃት ዓሌት ህዝቢ ትግራይ ተሳትፎን መሪሕነትን ማሕበረ-ቅዱሳን ዝለዓለ ተራ ተፃዊቱን እናተፃወተን ይርከብ። ብጥምረት ፋሺስት ኣብዪ ኣሕመድ፣ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ተስፋሕፋሕቲ ኣምሓራን ህዝቢ ትግራይ ወራር እንትእወጀሉ . . . ብመሪሕነት ዲያቆን ዳኒኤል ክብረት ቤተ-ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እቲ ኩናት ፍትሓዊን ሕጊ ናይ ምኽባር ወፍሪን እዩ ኢላ ከትውስንን ከም ቤተ-እምነት ኣብ ጎኒ ወረርቲ



Scanned with CamScanner

ሓይልታት ተሰሊፋ ኑቶም ደፈርቲን ቀንፀልቲን ብራኾት ሂባ ከትሰዶም ዝለዓለ ተራ ተፃዊቶም እዮም።

እታ ቤተ-ክርስትያን ገንዘባዊ ሓገዝ ብምሃብ ስፖንሰር ብዝገበረቶ ወራር ተደፈሮም ዘይፈልጡ መካነ ቅዱሳት ንክራኸሱ፣ ንዋየ ቅዱሳት ንክዝረፉ፣ ካህናትን ፈለስትን ኣብ ውሽጢ ቤተ-መቕደስ ንኽቕንፀሉ፣ ደብረታትን ገዳማትን ብፍሉይ እናተመረፁ ንኽዓንው፣ ኣዴታት፣ ፈለስቲ፣ ህፃውንቲ፣ ቆረብቲን ኣንሽቲ ካህናትን ከብረን ከግሰስ ገይራ እያ። ሕጋዊነት ብዘይብሉ መንገዲ ተጎቢጡ ዘሎ መሬት ትግራይ በቲ ሓይልታት ትምክሕቲ ዝደልይዎ ማሕበረ-ቅዱሳን ምስ ቤተ-ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ተሻሪኹ ቅርፂ ምሕደራ ሃገረስብከት ክከለስ ተገይሩ እዩ። በዙይ ድማ ሃገረ ስብከት ምዕራብ ትግራይ ናብ ጎንደር እንትውሰድ ሃገረ ስብከት ከፋል ደቡብ ትግራይ ድማ ናብ ወሎ ተቕርሚሙ እዩ።

ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ሓደሓደ ኣባላት ማሕበረ-ቅዱሳን ኣመራርሓ ህወሓት ይርከብሉ እዮም ብዝብል ጥርጣረ ገዳማት ትግራይ ዝርከብሉ ቦታ ንሰራዊት ወረርቲ ሓበሬታታት ካብ ምሃብ ሓሊፎም "እስተኳሽ" እፐሬተራት ኾይኖም ከዓንው ገይሮሞም እዮም። ነዚ መረጋገፂ ዝኾነና መጋቢት 2013 ዓ/ት ላዕለዎት መሪሕነት ማሕበረ-ቅዱሳን ምስ መረዳእታን ደሕንነትን ኢትዮጵያ ኣብ ዘካየድዎ ገምጋም ኣብ ወራር ትግራይ ዝሃብዎ ኩለ-መዳያዊ ድጋፍ ዓብዩ ናእዳን ኣድናቖትን ቐሪቡሎም እዩ። ሐዚ እውን ኣካል ስርዒት ደሕንነትን ስለያን ወረርቲ ኮይኖም ቀፂሎም ኣለው።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2013 ዓ/ት ብመካየዲ ስራሕ ማሕበረ ቅዱሳን ቅርንጫፍ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተመርፀን ምስ ካልኦት ኣርባዕተ ተጋሩ ኣባላት እዚ ማሕበርን ኮይኑ ዝሰዕቡ ሓደሽቲ መደባት ጥፍኣት ሒዙ መፂኡ ኣሎ፦-

- ኣብ መላእ ትግራይ ኣባላት እቲ ማሕበር ንክሰፍሕ ኣጠናኺርካ ምልመላታት ምቕፃል
- ኣብ ወፃኢ ዝተጣየሸ ዓለም-ለኸ ማህበረ ካህናት ትግራይ ብኣመንቲ ተዋህዶ ኦርቶዶክስ ተቐባልነት ከይረኽቡ ናይ ምፅልኣላእ ስራሕቲ ምስራሕ
- ፀረ ብሄራውያን ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ዝኾኑ ጎስጓሳት ምክያድ
- እቲ ብወረርቲ ሓይልታት ትምክሕቲ ተጎቢጡ ዘሎ መሬት ትግራይ ኩሉና ኢትዮጵያውያን ስለዝኾና ናበይ ከይዱና ብዝብል ምስምስ ህዝቢ ኣሚን ኢሉ ክቕበሎ ስራሕቲታት ርኪብ ህዝቢ ምስላጥን . . . ወዘተረፈ....

ፖለቲካዊ ልኡኾ ማሕበረ ቅዱሳን ዋላኳ ብጉልባብ ሃይማኖት ንነዊሕ እዋን ተጎልቢቡ እንትነበረ እቲ መሊኡ ይፈስስ ዘሎ ሽርሕን ሽጣራን ሽፋኑ ከቕላዕ ኣኽኢሉዎ እዩ። ቀዲሞም ዝነቕሑ ፈለስትን መነኮሳትን ኣቦታት ትግራይ ክሳድ ንክሳድ ገጢሞም ጥራሕ ዝባኑ የትርፍዎ ኣለው። እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተታሊሎም ናብቲ ደንበ ሸይጣውንቲ ተፀንቢሮም ዝነበሩ ተጋሩ ድማ ህሉው ኩነታት ምስተገለፀሎም እግሮም ብምስሓብ ኣንፃሩ ተሰሊፎም ውዲታቱ እንተፍሽልሉ ይረኣይ ኣሎ። ሕመቕም ምቅላዕን መፈናፈኒ ቦታ ከይረኽቡ ምቅላስን ድማ ሓላፍነት ኩሉ ትግራዋይ እዩ። እቲ ማሕበርን ግብረ እከይ ስራሕቲታቱን ካብ ቅድስቲ መሬት ትግራይ ዝመሓውሉ ግዘ ርሑቕ ስለዘይኮነ እንቱም ኣብቲ ማሕበር ተለጢፍኩም ምስ ዘይመዋፍርትኹም ደሪግኹም ኣንፃር ህዝብኹም ዝተልዓልኩም ተጋሩ ካብ ተሓታታይነት ታሪክ እተምልጥሉ እዋን ከይተወደአ ናብ ቀልብኹም ተመለሱ።



Scanned with CamScanner

# ትግራይ !

## "ጅግና ካብ ምኳን ባንዳ ምኳን ዝኸብደላ መሬት!"

ገሬዘር ኣሮናይ

"ሞት ይሕሸ" ይብል ትግራዋይ፣ ከኸውን ዘይግበኦ ነገር ኮይኑ ካብ ዝርኢ ሞት ከመርፅ ከሎ። መቸም "ሞት" ማለት ፍፃመ 'ዛ ሂወት መጠረስታ ህላወ 'ዛ ምድሪ ምኽዋኑ ዝፍለጥ ነገር እዩ። ሞት ከቢድ እዩ፤ ብፍላይ ከትቅበሎ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ሞት። ይኹን እምበር ትግራዋይ ልዕሊ ሞት ዝኸብድዎ ነገራትን ተግባራትን ኣለዉዎ፤ እኳ ደኣ ብዙሓት። እዞም ተግባራት እዚኣቶም ናይ "መርሕ" ወይ ናይ መትከል ጉዳያት ኮይኖም፤ ንሳቶም ጥሒሱ ካብ ዝረኽቦ ረብሓ ንላዕሊ "ሞት" ብምምራፅ "ሞት ትሕሸ" ይብል። "ሞት ትሕሸ እዙይ ካብ ዝገብር"፣ "ሞት ትሕሸ እዙይ ካብ ዝፍጠር"፣ "ሞት ትሕሸ እዙይ ካብ ዝርኢ"፣ "ሞት ትሕሸ እዙይ ካብ ዝኸውን" ይብል። "ሞት ይሕሸ ሓሸየ ካብ ዝበልዕ"፣ "ሞት ይሕሸ ኣነ እናሃለኹ ዓዲ ካብ ትድፈር"፣ "ሞት ይሕሸ እከለ ካብ ዝወቕዓኒ"፣ ሞት ይሕሸ . . . ሞት ይሕሸ . . . ሞት ይሕሸ . . .

እዞም "ልዕሊ ሞት" ዝፍርሑ፣ ዝዕልኡን ዝሕለዉን ተግባራት ምስ ከብርን መንነትን ሓደ ሕብረተሰብ ዝተተሓሓዙ እዮም። ኣብ ዓለም ከም ህዝቢ፣ "ሞት ይሕሸ" ዝብል መትከል ዘለዎም ህዝብታት ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። እዞም ህዝብታት ዝርካቦም መበቆል ስልጣን ዝነበሩ እሞ ከም ትግራይ ንዘበናት መንነቶም ንምሕላውን ንምዕቃብን መስዋእቲ ናይ ምኽፋል ባህሊ ዘማዕበሉ ኣህዛብ እንተኾይኖም ጥራሕ እዮም። ንኣብነት ከም እስራኤላውያንን ፋርሳውያንን ዝኣመሰሉ ህዝብታት ምልዓል ይከኣል። ህዝቢ ትግራይ ነዞም ምስ መንነቱን ህልዉንኡን ዝተተሓሓዙ መትከላትን ከብርታትን ንምሕላው ከብል "ሞት ይሕሸ" እናበለ "መትከላቱን ከብርታቱን በሊዑ ካብ ዝነብር" መስዋእቲ እናመረፀ እናተሰወአ ድማ መፂኡ እዩ። "ሞትስ ኣይቐርን ነባሪ ሞት ንሞቱ ግን ብኽብሪ" ኢሉ እናደረፈን እናጨረሐን እውን እምበር።

ህዝቢ ትግራይ ሳላ ዝተሰወአ፣ "ሞት ይሕሸ" ሳላ ዝበለ ኸኣ ከሳብ ሎሚ ኢቶም መግለጽታቱ ዝኾኑ ከብርታቱን መልከዓቱን ሓልዩ ካብ ርሑቕ ከም ሉል ዝልለ ዘይጻዓድ ህዝቢ ከኸዉን ኣኺኢሉዎ ይጎዓዝ ኣሎ። ከምቲ ልዕል ከብል ዝተንከፍናዮ ህዝቢ ትግራይ "ተዋሪዱ ካብ ከነብር" "ምእንቲ ከብርታቱ ህይወቱ ከሓልፍ" ዝመርጸሎም ከብርታቱ ብዙሓት እዮም። ካብ ከሰርቕ፣ ካብ ሓስዩን ተዋሪዱን ከበልዕ፣ "ተላኣኣኺ ነይረ" ካብ ከብል፣ ንኽብዱ ከብል ከብርን ህላወን ዓዲ ካብ ከድፍር" ወዘተ . . . "ሞት ከዓኒ" እናበለ ተሰዊኡ ከሓልፍ እዩ ዝመርጽ። እዞም ልዕል ከብል ዝተጸርሑ ከብርታትን መግለጽታትን



Scanned with CamScanner

ተጋሩ ምጥሓስ ናይ ዉርደት ዉርደት እዮም ንትግራዋይ።

ህዝቢ ትግራይ በዞም ዝሓፍረሎም ተግባራት ንዝመጸኡ ደቁ እውን ምሕረት ኣይብሉን። ኩሎም ነውርታት እዮም፤ ይኹን እምበር ኣብ ምድሪ ትግራይ "ባንዳ" ከንዲ ምዃን ዘነውርን ዘሕፍርን ተግባር የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኸውንን። መቸስ ኣብ ሓደ ሕ/ሰብ ሰናይን ግናይን ጎናጎኒ ከሳለዩ ባህርያዊ እዩ እሞ ህዝቢ ትግራይ እውን ንዞም መለለይኡን "እከለ" ተባሂሉ ከጽዋዕ ዝቐስብዎ ባህርታትን ከብርታትን ዝጥሕሱ ውሉዳት ኣይፍጠሩዎን ማለት ኣይኮነን።

ከምዙይ ዝበለ ጸገም ዘጋጠሞ ትግራዋይ ወላዲ ንዝሰረቐ ወዱ፣ ንዝሓሰወት ጓሉ፣ ዘይናቱ ንዝደሊ ጎረቢቱ ውይ ንስሉዕ ወዲ ዓዱ ሽሕ እኳ ዝግገዞን ዘውግዞን እንተኾነ ምዲዱን ገሲጹን ናብ ዉንኡ ከመልሶ ካብ ምጽዓሩ ግን ዓዲ ኣይውዕልን። እንተ "ንባንዳነትን ንኸድዓት ዓድን" ግን ዝጸውር እንግዳዓ ኣየጥረየን ህዝቢ ትግራይ። ወዮ መርገም ግዲ ኾይኑ እምበር ቀደሙ እውን እቲ ባንዳ ንባዕሉ እውን ብረብሓን ህላወን ዓዱ ጠላዕ ከጻወት ብዘኽእል ስብእና ኣይኮነን ተኾስኪሱ ዝዓቢ ነይሩ። ስለዙይ ከምኡ ኣይሰርሕን።

ካልኣይ ምናልባሽ እውን ተረገም ኢልዎ እኳ ብኸሽዐኡ ዝሓስብ ኮይኑ እንተተረኺቡ ካብ ጽባሕ እታ ባንዳ ዝኾነላ ዕለት ጀሚሩ ገጽ ዝሀቦ ስድራ፣ ሓደርካ ዝብሎ ጎረቤት፣ ሻሂ ዘሳትዮ መሓዛ ስለዘይረክብ ኣይሰሙን ኣይሳልስቲ ካብ ተግባሩ ተጣዒሱ ናብ ህዝቡ ምጽምባሩ ኣይተርፍን።

እዙይ ምናልባት ምስ መሰል ሰባት ምድፋእ ወይ ምስ ጸለምተኝነት (pessimism) ዘተሓሕዘ ገለ ካርና ቅኑዓት "ምሁራት' ኣይሰኣኑን ይኾኑ። ይኹን እምበር እቲ ሓቂ ንሱ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ፣ ብዙሕነት ሓሳብ የተኣናግድ እምበር ብጸለምተኝነት ኣይፍረጅን። ህዝቢ ትግራይ፣ ብግዕርነት ከኣምን እምበር ብልዕልን ትሕትን ሰባት ከጓኒ ኣይርከብን።

ህዝቢ ትግራይ ዋላ ንባዕዳዊ ሃይማኖት ቀዲሙ ከቕበል እምበር ናተይ ንዝብሎ ኣቐዲሙ ብጸለምተይናነት "ከምዙይ ኣይትግበሩ" ኣይብልን። እንተ ኣብ "ባንዳነትን ከድዓትን" ግን ምሕረት ኣይብሉን። ምኽንያቱ "ባንዳነት" ብዝኾነ ይኹን መለከዒ ምጥፋእን ምዕናውን ዓዲ እምበር መሰልን ምርጫን ከኸውን ኣይኽእልን። ምናልባት እቶም ን"ባንዳነት" ምስ መሰል ሰባት ምድፋእ ውይ ምስ ጸለምተኝነት ከተሓሕዙ ይኽእሉ እዮም ዝበልናዮም ገለ "ካርና ቅኑዓት ምሁራት" እውን "ባንዳነት ማለት ምጥፋእን ምዕናውን ዓዲ እምበር መሰልን ምርጫን ከኸውን ኣይኽእልን" ምባልና "መን ብይን ወሃብቲ ገበረኩም?" ኢሎም ከምጉቱና ይደልዩ ይኾኑ።

ንሕና ኸኣ ንብሎም "እንታይ ዲና ደኣ 'ሓደ ሕ/ሰብ ናይ ባዕሉ መግለጽታትን መለለይታትን ኣለዉዎ' ንበል ዘለና - እዙይ ንዘበናት ብህዝቢ ትግራይ ብይንን መግለጽን ተዋሂቡዎ ዝሓደረ ዛዕባ እዩ እሞ ንሕና ጥራይ ዘይኮንናስ ምልኣተ ህዝቢ ዘቐመጦ ብይን እዩ" ንብሎም።

ኣብዚ ጉዳይ ኣድሂበ ከጽሕፍ ናብ ዘለዓዓለኒ ምኽንያት ግዳ ከኣቱ። እቲ ኩነታት ለሚቕኒ ዘጋጠመ እዩ። ኣብዚ ዘለኹዎ ከተማ ምሳና ዝዓበየ መሓዛና ኣሎ። ነገር ኣጋጣሚ ግዲ ኮይኑዎስ በቲ ኣብ ትግራይ ዝውርድ ዘሎ ሃሰያን በደልን ብዙሕ ዝቖርን ዝምቖን ዓይነት ሰብ ኣይኮነን። እረ ሓደሓደ ግዜስ ነታ ቀደም ኣብ ሓደ "መስርያ-ቤት" እናሰርሐ እንከሎ "በዲላትኒ እያ" ዝብላ ህወሓት ዝረኸበ እናመሰሎ ቃንዛ ህዝቢ ትግራይያ መውጽኢ ቂሙ ኮይኑስ "እንኳዕሰይ" ዝዓይነቱ ዘረባ ከዛረብ 'ውን ሰሚዕናዮ ነይርና



Scanned with CamScanner

ኢና።

ዝኾነ ኾይኑ መተዓብይትናን ጎረቤይትናን ስለዝኾነ "ኣይፋልካን" እናበልናዮ እኳ እንተመጸእና ዝሰምዕ ሰብ ግን ኣይነበረን። እኳ ደኣስ ኣብ ትሕቲ እቲ ልኡኽ ኣብዪ ኣሕመድ ዝኾነ ግዝያዊ ምምሕዳር ተጸምቢሩ ነቶም "ቀደም በዲሎምኒ ነይሮም" ዝብሎም ኣይተርፍ ነቶም "ንቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ይድግፉ ይኾኑ እዮም" ዝብሎም ኣይተርፍ እናጠቆመን እናሻገገን ብኣራዊት ሰራዊት ኢሳያስን ብግፍዓዊ ሰራዊት ብልጽግናን ከአሰሩን ከጋፍዑን ደይ-መደይ ኢሉ ምስራሕ ጀሚሩ።

ግደ ሓቂ ቀዲምና ከንርሕቐን ከነውግዞን ዝግበአና ኣነን ዝተወሰንና እንቀራረቦ መሓዙቱን እኳ እንተነበርና ምእንቲ ባዕሉ በቲ ሓደ፤ ምእንቲ እቲ ዝጋፋዕ ዘሎ ህዝብና ኸኣ በቲ ካልእ ነዚ ወዲ እናረኸብና "እቲ ተግባር ከቋርጽ" ከንምዕዶን ከንምሕጸኖን ኢና መሪጽና። እቲ ዝገርም ጉዳይ ግን እዚ ምብንዳድ ጀሚሩ ዝነበረ መተዓብይትና ድሮ ኣዝማዱን ስድርኡን ኣግሊሎሞስ ቤት ኣልባ ምኳን ጀሚሩ ነይሩ። ለካስ ንሕና ኢና ዘይፈለጥና እምበር ቀዲሞም ገጽ ዝኸለኡዎን ዘግለልዎን ናይ ባዕሉ ሰባት እዮም ነይሮም።

ወላዲት እዚ ሰነፍ መሓዛና ናይ ረዲኤት እኽሊ ከቕበላ ናብ ረዲኤት ይኸዳልኩም። ኣብቲ ቦታ ምስበጸሓ ግን ወዮ ወደን ኣብ ማእኸል ረድኤት ዝቕበል ህዝቢ ኣትዩ "ኣርሓ ብልጽግና" ኮይኑ "ነቲ ሓደ ግደፍ - ነቲ ሓደ ሕለፍ" ክብል ይርእይኦ፤ ምስረአየን ናብአን ገጽ እናቐረበ መጽአልኩም። ካብ ቀደሙ እዉን ብተግባራት ወደን ማህጸነን እናረገማ ዝቕነያ ወላዲት "ኣደይ መዓዝ መጺእኺ?" ኢሉ ቅርብ ምስበለን "ንስኻ ኣይወደይን - ኣደይ ከይትብለኒ ኣንታ ዕሱብ" ኢለን ኣብ ቅድሚ እዚ ኹሉ ህዝቢ ጥራሕ ዝባኑ ኣትረፍኦ(ኣይ ትግራወይቲ ኣዶ እንዶ!).. ወላዲት

እንኡ ጥራሕ ዘይኮናስ ኣቡኡ እውን "ድርኩኹት ገዝኡም ከይረግጽ" ኣጠንቂቖምዎ ነይሮም እዮም። ናብ ኣዝማዱን ጎረባብቱን ብዝኸደ ቁጽሪ እውን "ወደይ ማይ ኮይንካ ዘይምተረፍካ - መጽረፌ ዓሌት ካበይ ተፈጠርካና" እናበሉ ካንሸሎኦምን ገጾምን ካብ ዝዓጽፉሉ ነዊሕ ኣቑጺሮም። ናትናኳ እንታይ ጽዋ ሃልዩዎ፣ እዚ መሓዛና ናብ እንዳ ሻሂ ኮነ ናብ እንዳ መግቢ ቅልቅል ብዝበለ ቁጽሪ ኣብኡ ዝጸናሕና ሰባት ኩሉና ብድድ ኢልና ኢና ንኸይድ።

ዋላ ሓድ እኳ ገጽ ሂቡ ዝጽገዖን ዘዋግዖን ዝሰኣነ እዚ መሓዛና "ካብ ሎሚ ጽባሕ ሓይልታት ትግራይ ካብ በረኻ መጺኦም ዓፊኖም ከወስዱኒ እዮም" ዝብል ስግኣት ተሓዊሱዎ "ከም ጸሃየ ወዲ ኾማሪት" ኣብ ጽርግያ ንበይኑ እናተዛረበ ምኻድ ጀሚሩ። ዕብድብድ ዝበዝሖ እዚ መሓዛና እንዳ መሸታ ምውዓል እናጽዐቐ ንቶም ለኣኸቱ ግሊጋሎት ዝህበሉ ግዜ እናሰሓበ ምስከደ ለኣኸቱ ኮነ ኹሉ ሰብ ጠቕሊሉ ክርስዖ ጀመረ።

ነገራት ከምዙይ እናሃለዉ፤ ኣብዛ ከፍተት እዚኣ ናይ መወዳእታ ዕዱሉ ከፍትን ዝበለ ወዲ ኣሙኡ ነዚ ባንዳ መሓዛና ሒዙዎ ናብ ማይጸሎት ይሽረበልኩም። ድሕሪ እዙይ እዮም እምብኣር ነገራት ዝተለዋወጡ። ወዲ ኣሙኡ ከምዝነገረና ፍቓድ ፈጣሪ ግዲ ኾይኑ ኣብቲ ማይጸሎት ዝተቐበሉዎም መገልገሊ ወላዲ ምኽንያት ዕብድብድ እዚ ወዲ ምስረአዩን ምስተረድኡን ተግባራቱ ገዲፉ ኣብ ጎኒ ህዝቡን ዓዱን ከሰለፍ እናመዓዱ እዞን "ከልተ-ሸውዓትኡ" ከሳብ ዝሕጸብ ብምኽርን ማዕዳን ልቡ ኣጥፈኦምሉ። "ዝወደይ ኣብ ትግራይ 'ባንዳ ምኳን' ማለት ከምቲ ብ30 ዲናር ንእየሱስ ኣሕሊፉ ዝሃበ ይሁዳ ማዕረ ስለዘቑጽረካ(ኣይግደድ እኳ) ንባዕልኻ ጥራሕ ዘይኮነስ ንደቂ ደቅኻ እውን ዘይንቀል ሽም እዩ እሞ ናብ ውነኻ ተመለስ፤ ህዝቢ ትግራይ ኣይፈቕደልካን" እናበሉ ለካ ናብ ውኑኡ



Scanned with CamScanner

መሊ.ሰሙዎ።

ብተግባራቱ ኣብዚሑ ዝተጠዓሰ እዚ መሓዛና ሓደ ንጉሆ ብድድ ኢሉ ንዝኾነ ሰብ ከይነገረ ናብ ገለ ከምዝተሰወረ ካብቲ ማይ-ጸሎት ንበይኑ ዝተመልሰ ወዲ ኣሙኡ ኣዋጊዑና። ጸኒሕና ከምዝሰማዕናዮ ግን እዚ ምብንዳድ ጀሚሩ ዝነበረ መሓዛና ናብ ሓይልታት ምከልኻል ትግራይ እዩ ተጸምቢሩ ኢሎምዎ። ምጽምባር ጥራሕ ዘይኮነስ መስተንከራዊ ኒሕን ህልኽን ዝረአዮ በጥስ ተኳሲ ከምዝኾነ እውን እምበር ሰሚዕና።

ሕጂ ኣብዚ ከተማና "ብዘይካ ናይዚ መሓዛና ካልእ ወግዒ የልቦን" እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። ንሕና እውን ካብዚ መሓዛና ዝተልዓለ "ባንዳነትን ኣጠማምታ ህዝቢ ትግራይን" ዝምልከት ኣጀንዳ መጢጥና መጢጥና ብዙሕ ጨናፍር ኣውጺእናሉስ ርእሲ ዕላልና ካብ እንገብሮ ጸኒሕና ኣሎና። እቶም እነልዕሎም ነጥብታት ጥቕልል ኣቢልካ እንትረአዩ "ኣብ ትግራይ ዘይተጽሓፈ ግን ከኣ ዘይዝለል ከሳብ ዝመስል 'ባንዳ ምኳን' ማለት ብሕማቕ ስነ-ምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ ዳርጋ ከም 'ርኹስ' መንፈስ ማህጸን ኣደ ከይተረፈ ዝፍንፍንካ ገቢሩ ዘቕመጦ መን እዩ?" ኣብ ዝብል ሓሳብ ይሕቆፉ እዮም።

ዋእ! ብዙሓት ጎረባብትና እኮ ርኢና ኢና፤ "ተለኣኣኹቲ ኤርና" ዶ፤ "ፈሪሕናስ ደኒንና ንነብር ኤርና" ዶ እናበሉ ንኽብሮም ዘይኮነስ ንኽብዶም ኩብሉ 'ዛ ዓለም ዝቐበጹዋ ሰባት። ከምዚ መሓዛና ኣብ 27 መዓልቲ ከጠዓሰን ናብ ዉኑእም ከምለሰን እሞ ይትረፍ ን27 ዓመታት እውን ምዕይ ከይበሉ ኩብዶም ጥራሕ ዝከናኸኑ ሰባት እኮ እኒህዉታ። ነዞም ሰባት እዚኣቶም ግን "ገጽኩም ትከወል ኢሉ ዘውገዞም ህዝቢ ኣይረአናን፤ እኳ ደኣስ ዕልልታን ጣቕዒትን ኣሰንዩ "ጎሽ እንኳን የኛ ልጆች!" እናበለ እዩ ንባንዳነቶም ብኽብርን ዓጀባን ዝተቐበሎ። "ወይለይ! ኣብ ትግራይ ደኣ ከመይ ዝብልዎ ነውሪ

> በቃ ከምቲ "ግምባርካ ንዓረር ምሃብ" መግለጺ ጀጋኑ መራሕቲ ተጋሩ ዝኾነ፤ ባንዳ ምኳን ከኣ ኣይናይ ተጋሩን።



Scanned with CamScanner

ገይሩ ሰሪሑ እዚ ባንዳ ምኺን?"

ንሕቶና መልሲ ዝሀብ ኣካል እኳ እንተዘይተጸበና ካብ ከትዓትናን ምይይጥናን ከምዝተዓዘብናዮ ግን በቃ እቲ "ናይ ሓደ ሕ/ሰብ መግለጺ ዝበሃል ክብርን መንነትን እሮማይ ተሃኒጹ" ስለዝኾነ እዚ ንዘበናት ዝተሃንጸ ክብሪ ጥሒሱ ዝመጽእ ባዕዳዊ ምግባር ቦታ ከምዘይብሉ ኢና ተገንዚብና።

ብጥረ ቋንቋ ንግለጾ እንተድኣ ተባሂሉ "በቃ! ኣብ ትግራይ ባንዳ ምኺን ኣይፍቀድን። እወ 'ኣይከኣልን' ጥራሕ ዘይኮነስ 'ኣይፍቀድን!" ኢልካ ምሕጻር ይከኣል እዩ። "መን እዩ ዘይፈቕዶ ኸ?፣ "ፖሊስ"- ኣይኮነን፣ "ምልሻ" እውን ኣይኮነን፣ ወይ እውን "ቤት ትምህርቲ" ኮነ "ሕጊ" እታ ዓዲ ኣይኮነን። መን ደኣ? በቃ እቲ መሬት ባዕሉ፣ እቲ ዓዲ ባዕሉ፣ እቲ ስድራ ባዕሉ ኣይፈቕደልካን፣ በቃ ኣብ ትግራይ ባንዳ ምኺን ኣይፍቅድን።

እዙይ ሎሚ ዝተፈጥረ መርገጺ ተጋሩ ኣይኮነን። ተጋሩ ካብ ግዜ ንግስና ኣኽሱም፣ ካብ ግዜ ጽዋዕ መስዋእቲ ይጭልጡ እምበር ንውልቃዊት ህይወቶም ከብሉ ውርደት ተቐቢሎም እግረይ ኣውጽእኒ ኢሎም ህዝቦም ኣይገድፉን። ካብ መን ተወሊዶም እሞ ከምኡ ኸንብሩ።
ባንዳነት እውን እምበኣር ከምኡ እያ፣ ኣብ ኣቦታቱ ዘይነበረ ሕጂ ከቦቅል ዝኽእል ታሪኽ ምብንዳድ ቅቡል ክኸዉን ኣይኽእልን ኣብ ትግራይ። ኣብ መዋእል ትግራይ ባንዳ ቦታ ተዋሂቡዎ ኣይፈልጥን። በቃ ከምቲ "ግምባርካ ንዓረር ምሃብ" መግለጺ ጅጋኑ መራሕቲ ተጋሩ ዝኾነ፣ ባንዳ ምኺን ከኣ ኣይናተጋሩን። በቃ ነውሪ እዩ፣ ዓይኒ ሕ/ሰብ ይቐጽዓካ፣ ገጽ ሕ/ሰብ ይፍንፍነካ።

ኣብዚ ዛዕባ እዚእ ሓደ መሓዛና ነዚ ኩነታት ክገልጽ ዝተጠቐመላ ኣበሃህላ ነቲ ዝርዝር መግለጺ ትጠምሮ እያ ዝብል እምነት ስለዘለኒ ንዓኣ ከጥቅም እየ። እዚ መሓዛና ኣብ መንጎ ወግዕና "ኣብ ትግራይ ግን ጅግና ካብ ምኺን ባንዳ ምኺን እዩ ዝኸብድ" ከብለና እንከሎ ኣይርስዖን። ሓቂ እዩ- ብልቢ ንዘስተውዐል ኣብ ትግራይ ጅግና ካብ ምኺን ባንዳ ምኺን እዩ ዝኸብድ። ብርግጽ

## ህዝቢ ትግራይ፣ ብማዕርነት ክኣምን እምበር ብልዕልን ትሕትን ሰባት ከዃኒ ኣይርከብን። ህዝቢ ትግራይ ዋላ ንባዕዳዊ ሃይማኖት ቀዲሙ ክቕበል እምበር ናተይ ንዝብሎ ኣቐዲሙ ብጸለምተይናነት "ከምዙይ ኣይትግበሩ" ኣይብልን።

ንግስና የውሃንስ ራብዓይ ጅሚሩ ትግራዋይ ባንዳ ከኸውን ፈጺሙ ኣይፍቀደሉን። መራሒ እውን ከምኡ። ትግራዋይ መራሒ ከም ሃይለስላሰ ንለንደን ወይ ከም መንግስቱ ንዙምባብዌ ከሃድም ኣይፍቀደሉን፣ እንታይ ደኣ ከም የዕብዮ ወልዳይ ኣብ ዓውዱ፣ ከም የውሃንስ ራብዓይ ኣብ ዓዱ፣ ከም ኣባይ ጸሃየ - ከም ኣባይ ነብሶ - ከም ስዩም መስፍን ኣብ መረበቶም ምስ ህዝቦም ትግራይ ዓዲ ጅጋኑ ስለዝኾነ ንጅግንነትን ትብዓትን ወለዱ እናሞዓገ ዝዓበየ ትግራዋይ ጅግና ምኺን ዘይከኸብዶ ይኽእል።

ይኹን እምበር ኣብ ትግራይ ካብ ቀሸት ናብ ቀሸት ፍሒት ከይበልካ ብጅጋኑ ዘዕለቕለቐ ዓዲ ስለዝኾነ ንዞም ኣሸሓት ጅግንነታት ዝመዓራረ ጅግንነት ከትተክል ዝጽበየካ ዓቐበት ቀሊል እዩ ማለት



Scanned with CamScanner

ኣይኾነን። ምናልባት ኣብ ገሊኦም ጎረባብትና "የበላይ ዘለቀ አገር" ኢልካ ምስተበዳዕኻ ካልኦ "ከሌተ" ተባሂሉ ዝጽራሕ ሽም ስለዘይትረክብ "የጥላሁን ገሰሰ አገር" ወይ "የፍቅር ይልቃል አገር፣" እናበልካ ገለ ነበብቲ ዜና ወይ ደረፍቲ ናብ ምእራይ ከትኣቱ ትግደድ ትኸውን።

ኣብ ትግራይ ግን "ቶኳሲ" ከትበሃል ብ "ዉሃ-ልከ" በዓል ኣሉላን ሓየሎምን ከትልካዕ ኣሎካ። "መራሒ" ከትበሃል ብብርኪ እኒ መለስ ዜናዊ ከትምዘን ኢኻ። "ምሁር ወይ ፈላስፋ ከትበሃል እውን ንበዓል ዘርኣያቆብን ገብረሂዎት ባይከዳኝን ከትዕረ ትጽቢት ይግበረልካ። ያሬድ ኣብ ዝተፈጠረላ መሬት ብሙዚቃ ከትነግስን "ጅግና" ዘብል ሽም ከትተከልን ዝጽበየካ ጻዕሪ ቀሊል ኣይኾነን።ግን ግን ጅግና ከትኸውን ትግራይ ጡጡሕ ባይታ ኣለዋ እዩሞ ጀግን ከም ኣያታትኻ!! እሞስ...ከምቲ መሓዛና ዝበሎ ኣብ ትግራይ ጅግና ካብ ምኳን ባንዳ ምኳን እዩ ዝኸብድ።

ርእዩዎ 'ዚ ግዜ፣ ኣብ በረኻ ወጺኦም ሓዝ ከሕዝ ምስ ጸላኢ ብጎሮሮ ዝተሓናነቑ ዘለዉ ጅጋኑ ኣብ ኣሰር እኒ ሓየሎም፣ ኣብ ኣሰር እኒ ኣሉላ ጅግንነቶም እናመስከሩ ናብቲ ቅርዓት ይድይቡ ኣለዉ። "እምበር ከ ከድገም ዶ ይኾን" ተባሂሉ ዝነበረ ጅግንነት ትግሊ ብተግባር ይደግሙዎ ኣሎዉ። እቲ ዓወት ዘይተርፍ ኣብ ኢዶም ምኳኑ ኸኣ ጌና ብጌንኡ ብርሑቑ ዋግዋጎኡ ይረአ ኣሎ።

ረአዩ ኣብ ከተማታትና፣ ባንዳ ምኳን ዝሓረዩ እኒ ሙሉ ነጋ፣ ብኸብዶም ዝሓሰቡ እኒ ዛዲግ ኣብራሃ፣ ህዝቢ ዘይንታዮም እኒ ኣረጋዊ በርሀ ረአዩዎም እዚ ዓቐበት ከመይ ከምዝኸበዶም። ስድሪ ከይተጓዕዙ እግሮም ተሓላሊኹ፣ ጸሓይን ቁርን ከይወቐዖም ቆርበቶም ተሸምሪሩ መድዮም፣ ብሬን ከይተሰከሙ ላህሊሆም፣ ከይተታኾሱ ብሓለንጊ ሕ/ሰብ ተገሪፎም ካብ ዝሓሰቡዋ ከንዲ ፍረ-ኣድሪ እኳ ከየዐወቱ ዓቐበት ከቢዱዎም ራዕራዕ ኢሎም ወዲቖም እኒህዉ።

ረአዩዎ ኣረጋዊ በርሀ ከንዲ እምባ ዝብርኽ ከብርን ጅግንነትን ካብ ዝባኑ ቀንጢጡ ደርብዩ "ባንዳ" ምስኮነ ካብ ከንቲት ንታሕቲ ተናዒቑ ይነብር ኣሎ። ረአዩዎ የማነ ኖከያ፣ ንህዝቢ ትግራይ ናብ ሓዊ ጠቢሱ ንሱ ብህይወት ከነብር ኣይተፈቐድሉን። ብስርዓት ከቕበር እሞ ይትረፍ፣

"ዋይ ሓወይ" ኢሉ ዝበኽየሉ እሞ ይትረፍ መቓብዕን መቐለድን ቆልዑ ኾይኑ ብኸብዱ እናሓሰበ ከብዱ ዘርጊሑ ሓሊፉዋ 'ዛ ዓለም። ረአዩዎ ዛዲግ ኣብራሃ፣ ሓለቕቶቱ ዝብልዎ እኳ ከብል ዘይኽእል ናይ ቤት መንግስቲ ተረፍ-መረፍ ዝኣራሪ ከልቢ እኳ ዘይዳረጎ ቱስቱስ ሓሳዊ ኮይኑ ይነብር ኣሎ። ረአዩዎ ኣታኽልቲ ሃይለስላሰ፣ ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ዝብላዕ በላሊዑ ምስ ኩሎም መበናድድቱ ተባኢሱ ናብ ኣዲስ ኣበብኡ ሃዲሙ ኣሎ፤ ትግራይ ኣይዓደይን ኢልዋ እኒህ። "ትግራይ ለቒቕካ ዉጻእ" ዝበሎ ሓይሊ ግን የልቦን፤ መን ደኣ ባዕሉን ተግባሩን ጥራሕ። ረአዩዎ ሙሉ ነጋ ኣሽንባይ ህዝቢ ከስዕቦ ዘዋቕሮም ካቢኔኡ እኳ ፋሕፋሕ ኢለሙዎ ኣብ ምክሳስን ኣብ ምንቛርን ይውዕል ኣሎ።

ብሓቂ ኣብ ትግራይ ብሬን ሒዝካ ካብ ምትኳስ ባንዳ ኮይንካ ከብድኻ ምምላእ እዩ ዝኸብድ። በቃ ህዝቢ ትግራይ ባንዳ ከትከዉን ኣይፈቕደልካን። ህዝቢ ከም ህዝቢ ዶ ዋርድያ ይወጽእ እዩ ደቀይ? ህዝቢ ከም ህዝቢ ዶ ንኸብሩ ከንድዙይ ይሕሉ እዩ ደቀይ? ናይብሓቂ ኣብ ዓለም "ጅግና ካብ ምኳን ባንዳ ምኳን ዝኸብደላ ምሬት እንተደኣ ሃልያ ትግራይ እያ።

እምበር ትግራይ!
ጅግና ካብ ምኳን ባንዳ ምኳን ዝኸብደላ ምሬት!



Scanned with CamScanner

# ንጋደል !

ልእልቲ ዓ.

መንእሰይ ዲኻ? ተወሊድኻ ኣብ ዝዓበኻሉ መረበትኻ ብወረርቲ ከይትርሸን። ሬሳኻ ከይልዓል ኢሎም ደርብዮም፡ ስድራኻን ወገንኻን ከይተሕዝን። ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ሓፍትኻ ከጋሰሱ ከይትርኢ። ንእስነትኻ ከይምንጥሉኻ ሓደራ፡ ኪድ ተዓጠቅ ተጋደል!

ሓደግኡ እንተዝስላሕ ብብዙሕ ዕፅፊ ኣብቲ ዘለኻዮ ምዕናሕ ናብ ሞት ይቐርብ። ኣብ ድላዮም እናንተቱ ዝወስዱኻን ዝሓርዱኻን በጊዕ መስዋእቲ ከይትኾውን። ኪድ ብረት ኣልዕል፣ ኪድ ንነብስኻ ተኸላኸል፣ ኪድ ንትግራይ "ኣነ ብድውለይዶ ዓድይ ክትዕዘብኒ" በላ።

ስቓይ ህዝብኻ ከሓፅር ናብ ኣሕዋትኻን ኣያታትኻን ተፀምበር። ንወለዶ ዝሓልፍ፡ መዋእልኻ እትኾርዐሉ ታሪኽ ፀሓፍ።

ባርነት ከይትላመድ ሓደራ! ካብ መስዋእቲ መግዛእቲ እዩ ዝኸፍእ። ምእንተ ህዝብኻን ዓድኻን መስዋእቲ ደኣ ዕድሎት እንድዩ። ሽምኻ ኣብ ወርቃዊ መዝገብ ታሪኽ ክሰፍር፡ ኣብ ዓለም በቲ ዝጠዓመ መዓርግ 'ተጋዳላይ' ተባሂልካ ክትፀዋዕ ውረድ ንሜዳ። ኣብኡ ዘሎ ንፋስ ናፅነት ኣብ ካሊእ የለን።

እናገፈፉ ዝወስዱኻ፣ ኣብ ኣፍ ደገ መረባኻ ዝርሽኑኻ፣ ደምኻ ብከንቱ ዝፈስስ መንእሰይ ከይትኾን፡ ትግራይ ከይትዕዘበካ!

መንእሰይ ኢኻ። መንግዚ ዓድኻን መሬትኻን ንዓዲ ኣቦኻ መዕየም እትእትወሉን እትወፀሉን ሰዓት ከውስኑልኻ ከይትፈቅድ። ከሳብ መዓዝ ኣብ መንገዲ ወታደራት ክትርኢ ከለኻ እናደነንካ ክትሓልፍ? መሬትኻ እዩ! ትግራይኻ እያ። ብረትካ ሒዝካ ቅንዕ ኢልካ ተጋደል።
'እምቢ' በል!

መንእሰይ ዲኺ? ሰውነትኺ ሜዳ ኲናት ኣይኾነን። ኣብ መግዛ መሬትኽን መረበትኽን ከብርኺ ከጋሰሱ፣ ኣካላትኺ ክጉድሉ ከይትፍቕዲ። ከሳብ መዓዝ ንሶም ዘይብሉ መንገዲ እናተሓባእኺ ክትኸዲ? ከሳብ መዓዝ "ሎሚ ዶ ዕባሕ ንሓወይ ቐተሉለይ?" እናበልኪ ኣብ ስግኣት ክትነብሪ? ከሳብ መዓዝ ዝተዓመፀት ጓል ብዝሰማዕኺ ቁዕሪ ክትሸቑረርን ክትሰግእን? ከሳብ መዓዝ ኣብ ገዛኺ ተሓቢእኺ ክትፀንሒ?
ኪዲ ናብ ኣሓትክን ኣዴታትኽን። ትማሊ ጎሮሮ ፀላኢ ሓኒቖን ትግራይ ሓራ ዝገበራ ጅጋኑ ተጋደልቲ፡ ሎሚ እውን ምእንተ ትግራይ በረኻ ወሪደን ይኳሸሓ ኣለዋ።

ምስእን እዩ ዘሎ ናፅነት፡ ምስእን እዩ ዘሎ ቅሳነት! ዋግዋጎ ብርሃን ከርእ ጅማሩ እዩ። መሊኡ ከወግሕ ቀሪቡ ኣሎ። ኣካል እቲ ወርቃዊ ታሪኽ ኩኒ።

ኣብ መሉእ ዓለም ዘለዉ ተጋሩ ለይትን ቀትርን ስቓይ ህዝቦም ንዓለም የጋውሑ ኣለው። ዕረፍቲ የብሎምን ስለ ትግራይ። ኣብዚ እዋን ዓለም ብዘዓባ ትግራይ እያ እተውግዕ ዘላ! ኩሉ ሻብ ድማ ፍትሓዊ ቃልሲ እዩ ዝዕወት! ሕቶና ሕቶ ግዝኣታዊ ሓድነት እዩ ፣ ሕቶና ሕቶ መሰል ዓርሰ ውሳነ እዩ፣ ሕቶና ሕቶ ሓርነትን ናፅነትን እዩ! ቃልስና ድማ ህዝባዊ ቃልሲ!
ዕሱብ ብልጽግና ዲኻ? ዲኺ? መውደቒኹም ኣዳልዉ።

ንዓኹም እንተሚሒርና ትግራይ ኣይትመሓረና!!
ትግራይ ትዕወት!



Scanned with CamScanner

# ብሄራዊ ውርሻ !

**የማነ ኪዳነ**

ብመንፅር ሓደሓደ ተንተንቲ ፖለቲካ ዓለምን ጦብያን እቲ ሐዚ ገጢሙ እኒህ ዕልመትን ቅልውላውን ቀንዲ መበገሲኡ ኣብ ልዕሊ ሕገ-መንግስቲ ዝተፈፀመ ጥሕሰት እዩ ዝብል ትንታነ ይህብሉ። ትካል ከራይስስ ግሩፕ ቅድሚ መረፃ ትግራይ 2012 ኣብ ዝሰርሖ ፀብፃብ፤ መረፃ ትግራይ መንቀሊ ጎንፂ ከኸውን ከምዝኽእልን፣ እዚ ጠጠው ንምባል ድማ ወይ እቲ ፌደራል መንግስቲ ወይ መንግስቲ ትግራይ ውሳነኦም ከዓፅፉ ከምዝግበኦም ሓቢሩ ነይሩ። ትግራይ ሕገ-መንግስታዊ መሰላ ተጠቒማ መረፃ ንምክያድ እንትትውስን መንግስቲ ኣብይ ድማ ሕገ-መንግስታዊ ጥሕሰት ፈፂሙ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ጥቕዓት ከምዝፍፅም ተሓነነ። ነዚ ጃህርኡ ድማ ብዙሓት ሊሂቃትን ፓለቲከኛታትን ጦብያ ኢ-ምኽንያታዊ ትንታነ ሂቦም ዕላለ ኣብይ ከቐባብእሉ ፈተኑ።

ኮይኑ ግን እዚ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ሕገ-መንግስቲን ዋና ምኽንያቱ መረፃ ትግራይ ኣይኮነን። 'ብሄራትን' ልሂቃን ጦብያን ነቲ ሕገ-መንግስቲ ዝረኣሉ ውርሻዊ-መነፅር(legacy) መሰረታዊ መንቀሊ እቲ ጎንፂ ኮይኑ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ።

ብሄራዊ ውርሻ(legacy) ሓደ ህዝቢ ካብ ናይ ዘመናት መነባብሮኣዊ ልምዲ ዝቕዳሕ ኾይኑ ብባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ቋንቋ ወዘተ ኣቢሉ ናብ ወለዶታት ተሰጋጊሩ 'ንህልው መትከል' ንዓፍ ይኸውን። ስርዓት ሃፀይ ጦቦያ(Ethiopian Empire) ኣብ መዋእሉ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ብዝበቆሉ ስርወ መንግስታት ዝተመሓደረ እንትኾን ሳላ'ዚ ድማ ወነንቲ እዞም ስርወ መንግስታት ዝኾኑ 'ዓበይቲ ብሄራት' ወነንቲ ናይ ባዕሎም ብሄራዊ ውርሻ ከኾኑ ኣኽኢልዎም እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ኩሎም ቀፀላታት ህዝባዊ ጥርናፈ ማለት እውን ጭፍራ(band level)፣ እንዳን ዓሌትን(tribe) በብደረጅኡ ሓሊፉ ናብ ብሄርነት ዝዓበየን ነዚ ዝምጥን መንግስታዊ ቅርፂ ሃኒፁ ስልጣነ ጠጠው ዘበለን ህዝቢ እዩ። ካብዚ ስልጣነ ዝወረሶ 'ጎይታ ኑብሰኻ' ናይ ምኺን ቅርፂ መንግስቲ ናይ ምህናፅ ውርሻ ድማ ወኒኑ እዩ።

ህዝቢ ኦሮሞ እውን ህዝባዊ ፖለቲካ ኣማዕቢሉ ናብ ቅርፀ ብሄር ከብ ኢሉ ናይ ባዕሉ ሃይማኖት፣ ቋንቋን ስርዓተ ምሕደራን ብምህናፅ ናይ ባዕሉ ብሄራዊ ውርሻ ከፈጥር ከኢሉ እዩ።

ሃይማኖትን ካልኦት ባእታታትን ካብ ህዝቢ ትግራይ ዝወረሰ 'ብሄረ ኣምሓራ' ብወገኑ ብወካልነት ዝተፈላለዩ ስርወ መንግስታት ናብ ደቡባዊ ገፅ ጦብያ ብምስፍሕፋሕ ግዝኣተ ሃፀይ ጦብያ ኣስፊሑ። ነዚ ስዒቡ ድማ መስርሕ ስርዓት 'ምስለነይን ነፍጠኛን' ተጠቒሙ ናይ ካልኦት ብሄራት መንነት ብምዕብላል ኢሉ እውን ብምጭፍላቕን ብምጥፋእን ሃገር ንምህናፅ ፈቲኑ። ከም ብሄራዊ ውርሻኡ ድማ ወሲዱዎ!



Scanned with CamScanner

ኮይኑ ግና እንትርፊ ኣብ ውሑዳት እንዳታትን ቀቢላታትን ብዓብላላይነት ትምከሕቲ እተሰነየ ስርዓተ ሃፀይ ጦብያ ውዑእ ዝኾነ ብሄራዊ መልክዕ ከሕዝ ኣይከኣለን። ጦብያ ናብ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ ብሄራዊ ውርሻ ከይበፅሐት ካብ ስርዓተ ሃፀይ ናብ ውልቀ መላኺ ወታደር ቀፂሉ ድማ ቅርፀ መንግስቲ ፌደራል ሪፐብሊክ ከትሕዝ ገይርዋ እዩ።

ባዕልኻ ናይ ምምሕድዳር ብሄራዊ ውርሻ ዝወነነ ህዝቢ ትግራይ ትሕት ኢሉ ከነብር ብሄራዊ ልዕልንኡን ከብሩን ኣይፈቐደሉን። ነዚ እዩ ድማ ብሓይልታት ትምከሕቲ ተወሲዱዎ ዝነበረ ጎይታ ካብቢዚ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ናብዚ ግን ሓደሽቲ ምዕባለታት ከርኢይ ዝጀመረ ፓለቲካ ጦብያ ዘይቃደው ነገራት መልእዎ። ዋላኳ ከም ተርእዮ ሓደሽቲ ይበሃሉ እንበር መበቆሎም ግን ሕዱር ብሄራዊ ውርሻ እዩ። ምስ ዕብየት ቁጠባን ካብ ዩኒቨርስቲታት ተመረቐ ዝወፅእ ወሰኽ በዝሒ መንእሰይን ስዒቡ ሕቶ ፖለቲካዊ ተወካልነት ኦሮሞ ብሰፊሑ ክንፀባረቕ ጀመረ። ዘለዎ ብልጫ ቁፅሪ ህዝቢ ተበሊፁ ኣብ ፌደራል ዝርከቡ ፖለቲካዊን ሲቪልያዊን ስራሕቲታትን ትካላትን ከዕብልል ባህጊ ኣዕበየ።

# ብሰፊሑ እንትረአ እቲ ገጢሙና ዘሎ ኩናት ኣብ መንጎ ዘይቃደው ባህጊታት ዘለዎም ህዝብታትን ብሄራትን እዩ።

ዓርሰኻ ናይ ምኽን ፀግኡ ተቓሊሱ ብስርኡ ዝመለሰ። ብኽቢድ መስዋእቲን መስተንክራዊ ዓወትን ዝተተኸለ ስርዓት ፌደራሊዝም፥ ህዝቢ ትግራይ ቀንዲ ሕቱኡ ዝነበረ 'ጎይታ ርእሱ' ናይ ምኻን ሕቶ መሊሱ፤ ነዚ ዘረጋግፀሉ ሕገ-መንግስቲ ድማ ኣዕደቐ። ካብ ዓርሱ ሓሊፉ ንኻልኦት ብሄራትን ንቕርፀ ብሄር ዘይበፅሑ ህዝብታትን ዋሕስ ዀይኑ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ዘጎናፅፍ ስርዓት ተኸለ።

ቀፂሎም ኣብ ዝሰዓቡ ዓመታት ፌደራላዊ ቅርፂ ዝሓዘ ሕገ-መንግስቲ ተግባራዊ ኮኾን ተሞኪሩ ተመሳሳሊ ሕቶ ዝነበሮም ኻልኦት ብሄራት እውን ብውሕስና እቲ ሕገ-መንግስቲ መሰል ዓርሰ ውሳነኦም ተኸቢሩ ነናይ ባዕሎም ብሄራዊ ውርሻ ኽንብሩ ቃል ኪዳን ኣተው። በረኸት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሖም ኩሎም ኣህዛብ ድማ ብመረፃ(electoral democracy) ወነንቲ ሉዓላዊ ስልጣን ምኻኖም ኣረጋገፁ።

ናይታ ዓፍጣጢትን ኣሃዳዊትን ስርዓት ወኪል እየ ዝብል ሓይሊ ብወገኑ፥ ነታ ብጀጋኑ ደቂ ትግራይ ፀሓያ ዝዓረባ ሃፀያዊት ሃገር ጦብያ ብሄራዊ ውርሻ ከምልስ ብልሂታን ትምከሕቲ እናተመርሐ ንነዊሕ እዋን ጎስጓሱ ኣካየደ። ሕቶ ህዝቢ ኦሮሞ ጨውዩ በትረ ስልጣን ብምዕታር፤ እታ ለማፅ ጨርቂ ካብ ዝወደቐቶ ኣልዒሉ ባህጉ ከስምር መንግስታዊ መሓውር ጨበጠ።

ድሕሪ እዙይ እዩ እምበኣር ብሄራዊ ታሪኹን ውርሽኡን ናይ መግዛእ ርእሱ መንግስቲ እምበር ዘይናሃቱ ምስለይነ ከመርሖ ዘይፈቅድ ህዝቢ ትግራይ ሕገ-መንግስታዊ መሰሉ ተጠቒሙ መረፃ ከካይድ መዓልቲ ዝቐረፀ። መንግስቲ ፌደራል ድማ በቲ ዓምፃፃይ ዝኾነ ባህሪኡ ጥሕሰት ሕገ-መንግስቲ ከምዝፍፅም ተሓነነ። "መናእሰይ ትግራይ ከረግፉ እዮም፤ ኣዴታት ትግራይ ከነብዓ እየን፤ ገዛውቲ ትግራይ ከነዱን ህፃናት ትግራይ ብዘይ ወለዲ ክትርፎምን እዮ" በለ። "ትግራይን



Scanned with CamScanner

እንጨብጣታለን" ዝብሉ ጨባጣት ሚድያታት ትምክሕቲ ተቐፃፀሩወን። "የወንበዴ ዘር ግንባሩን በለው" ተባህለ። ካሊእ እውን ብዙሕ ...

ህዝቢ ትግራይ ካብዚን ካብቲን ዝፍነው ጃህራታትን ብደዐታትን ምስ ሰመዐ ገዛኡ ዓፅዩ ንበይኑ ከመከር ጀመረ። ከም ኢያታቱ "ሸዋ እንታይ ግበሩ እዮም ዝብሉና" በለ። ካብ ብሄራዊ መንነቱን በፂሑዎ ካብ ዝነበረ ታሪኻዊ መንግስታዊ ፀፍሒን ተበጊሱ ዓበይቲ ዛዕባታት ኣልዐለ።

ትግራይ ናይ ባዕላ ብሄራዊ ሃገረ መንግስቲ እምበር ኣብ ትሕቲ ኻሊእ ሃገር ዝትግበር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትበፅሖ ካብ ዝግበኣ ቖጠባውን ፖለቲካውን ፀፍሒ ይድርታ እዩ ዝብል ሓሳብ መዘራረቢ ነጥቢ ማሕበራዊ ሚድያ ትግራይ ኮነ። ትግራይ ዓዲ ንምኳን ዘኽእሉ ኩሎም ባእታታት ኣማሊኣ እናሃለወት ምስ ታሪኽናን ባህግናን፣ ምስ ኽብሪታትናን ፀጋታትናን ዘይመሳሰሉናን ዘይንታደውን ኣህዛብ እንታይ ኢና ንገብር ዘለና? ዝብል ሕቶ ሊሂቅን ደቂቅን ትግራዋይ እናልዐሎ ምስ ዝኣምኖን ዝመስሎን ተላዘበ።

ክብርትን ሕፍርትን፣ ምዕብልትን ተፈራሒትን ድልየታት ህልውን መግኢን ዘማልእት፣ "ጎይታ ነብሳ፣ ወናኒት ርእሳ" ዝኾነት ሓዳሽ ሃገረ ትግራይ ክርኢ ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ ኣተስፈወ። ኣተስፊው 'ውን ኣይተረፈን ከም ጅግሮ ድማ መሰል ዓርሰ-ውሳንኡ ተጠቒሙ መረፃ ብምክያድ ናተይ ዝብሎ መንግስቲ ተኸለ።

ሕጋዊ መረፃ ትግራይ ስዒቡ ዝተፈላለየ ብሄራዊ ውርሻ ዘለዎም እልፊ ብሄራት እንትሰሓሓቡ ከሸራረፍ ዝጀመረ ሕገ-መንግስቲ ጦብያ ምሉእ ንሙሉእ ተረሲዑ ናብ ዓይኑ ዘውፅእ ጥሕሰት ሕጊ ተሰገረ።

እቲ ቐንዲ ፀላኢ ዝኾነ ተስፋሕፋሒ ሓይሊ ኣምሓራ ድማ ባህጊ ህዝቢ ኦሮሞን ኻልኦት ብሄርተኛታትን ኅቢጡ በትረ ስልጣን ብምዕታር ሙብዛሕትኦም እንዳታትን ቀቢላታትን ኣገዲዱ፣ ኢታሊሉን ኢደናጊሩን ኣንፃር እቲ ቀንዲ መነሓንሕተይ ዝበሎ ህዝቢ ትግራይ ከስለፉ ብምግባር ወራር ከፈተ። ካብ መላእ ብሄርን እንዳን ኢታ ሃገር ኣኺቲቱ ዘምፀኦ ሰራዊት ካብ ማህረምቲን ግስሚትን ተጋሩ ከምዘየድሕኖ ሕሉፍ ዛንታታት ዘኪሩ ብጉሓቱ ቁርፀ ዝፈለጠ ዓቀይታይ፣ ነቲ ምስ ትግራይ ሕዱር ሕማም ዘለዎ ስርዓት ህግደፍ ምስ ኃዕ ገልጠሙ ኣብ ጎድኑ ኣሰለፎ። እዚ ኹሉ ዘራዩ ሒዙ እውን ኣብ መዓንጥኡን ባሕሪ ከብዱን ዝእተዎ ቑሪ ከወፅሉ ስለዘይከኣለ ናይ ኻልኦት ሃገራት ኣዕዋራትን ወተሃደራትን ብቐጥታ ብምስታፍ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ወፈረ። እቲ ኹሉ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ድማ ተፈጠረ።

ብሰፊሑ እንትረአ እቲ ገጢሙና ዘሎ ኩናት ኣብ መንጎ ዘይቃደው ባህጊታት ዘለዎም ህዝብታትን ብሄራትን እዩ። ነዚ እዩ ሕቶ ህዝቢ ትግራይ ነቶም ኣንፃር ሕገ-መንግስቲን ህዝቢ ትግራይን ዝተልዓሉ ሓይልታት ብምጥፉእ ክምለስ ዝኽእል። ስለምንታይሲ ብሄራዊ ውርሻ ትግራይ ምስ ብሄራዊ ውርሻ ኻልኦት ብሄራት ክሳነ ስለዘይኽእል። ክብርታቱን ፀጋታቱን ተኾርምዩ ክነብር ስለዘይፈቕዱሉ። ዝበፀሖ ፀፍሒ ብሄራዊ ስልጣነ ኣብ ብሄራዊ መንግስቲ ቕርፂ ሃገር እምበር ኣብ ፌደራላዊ መንግስቲ ቕርፂ ሃገር ክስተርሒ ስለዘይኽእል።

ኣብዚ ኩነታት ብሄራት ጦብያ ውርሽኦም ብዝመርሖም በቢመንገዶም ይተሙ ኣለው። ገሊኦም መንገዲ ዕልምልምን ጉዕዞ ጥፍኣትን እንትጅምሩ ትግራይ ግና ፈለገ ድሕነታ ትኽተል ኣላ። ድሮኳ ባና ብርሃን ሓርነት ኣብ ሓራ መሬታት ትግራይ ከኹላዕ ጀሚሩ ኣሎ።



Scanned with CamScanner

# ኦ ተጋሩ !

# ኢትዮጵያ ትዕነው በሉ !

**ሕድያት ትግራይ**

መምዘኒ ኩነታት ዓለም እንተዘይተገልቢጡ፣ መርተዖታት ሓቂ እንተዘይተለዊጡ፣ እቲ ኩሉ ዓለም ዝፈልጦ፣ ዝነበረን ዘሎን ኩሉ ከውንንት መልከዑ ቀይሩ ምርዳእን ምትርጓምን እንተዘይተጀሚሩ..

እቲ ብምሩኻት ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ 'ኢሾልቭ' ዘይገብሩ ድሑራት ወረርቲ ኣምሓሩን ብሓሳዳት ኣራዊት ሰራዊት ሻዕብያን ኣብ ልዕሊ ትግራይን ተጋሩን ዝተፈፀመ ኩሉ ነገር ዘማለአ ገበን ምጥፋእ ዘርኢ፣ ብቲ ልሙድን ንቡርን መግለፂ ከትገልፆ ንዓና ግዳያት ንዝኾንና ተጋሩ ላግዒ ኾይኑ እዩ ዝስመዐኒ።

እሞ እንታይ ዳእ ንግበር? ንዝብል ሓታቲ ግን ንፁር መልሲ ዝህልወኒ ኣይመስለንን...

ነገር ግን ነቲ ከትዛረቦን ከትዕሕፎን ዘፀግም፣ ሕሊናኻ፣ ሃይማኖትኻ፣ ስብእናኻን ሰብኣውነትካን ዝፈታተን ተግባራት ዳኣ ከመይ ንሰንዶን ንወለዶ ነሕልፎን? ንዝብል ቅኑዕ ሓታቲ ግን መልሰይ "ነቲ ዘይንቡር ግፍዓዊ ተግባር፣ በቲ ልሙድ፣ ንቡር፣ ዝፀነሐ፣ ዝተለመደ፣ ቋንቋን ኣፃሕፋን ዋላ እውን ይኹን 'ክይንሰንፍ' ዝብል ጥራሕ እዩ ምሕፅንታይ፤ እወ ክይንስከፍ!

ምኽንያቱ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ካብ ምብዛሖምን ምኽፋእምን ዝተልዓለ ስቕታ ክይንመርፅ እሞ . . . ከምቲ "ሓራስ ሕማም ሕርሳ፣ ተጋሩ ስቓዮምን በደሎምን" ረሳዕቲ እዮም ዝበሃል፣ ኩሉ ጠንጢንና ናብ ካሊእ ውራይና ክይንኣቱ። ዳግም ናብቲ ሕሉፍን ኣገዳሲ ስሙይን ናይ ምርሳዕ ሕማምና ተመሊስና ንደቅናን ደቂ ደቅናን "ገርገራ ሓዑራ" ትግራይ ገዲፍናሎም ክይንኸድ። እወ እቲ ሕዱር ሕማምና ዝኾነ 'ህዝባዊ ዝንጋዐ'(mass dementia) ክይተጥቅዐና ሃየ!

ሓደራ ኩሉ ብዕሑፍ (መፃሕፍቲ)፣ ብፊልሚ፣ ብስራሕቲ ጥበብ፣ ዋላ እውን ኣብ ስርዓተ ትምህርትና ቀሪዕናን ሃኒፅናን ንሻገረሉ። እወ ኹሉ ቀሪዕናን ሰኒድን ከነሻግሮ ግድን ይኸውን!! እንተስ ኣድላይ ተኾይኑ ኣብ ዝጠዓመና ሕነ ክንፈድየሉ ፤ እንተስ ሕሉፍ ጊጋ ካብ ምድጋም ክንመሃረሉ ካብ ዝብል. . .

" ነቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ዘይንቡር ፍፃመ" ብቲ ልሙድ፣ ንቡርን ዝፀነሐን ኣፃሕፋ ግን 'ክይተሰከፍኹ' ፅሒፈ ኣለኹ እሞ ሰዓቡኒ።
ኣኸለ! ክይተሰከፍኹ እየ ዝፅሕፍ!
ተጋሩ "ኢትዮጵያ ትዕነው" በሉ።

ንሕና ተጋሩ ብፍላይ ናተይ ትውልዲ "እ" ኣይብሃልን፤ ዘይባህልና፤ ዘይናትና ብዝብል ብላይ ብሂል ዝተሃነፀ እርኑብ፣ ሃይማኖትና እኳ ዘይፈቕዶ "ሓዲኡ ገዕካ እንተወቒያምኻ እኳስ እቲ ሓደ ሃቦም" ዝብልዎ ናብ 'ባጫ' ዝቐርብ ዕውዕዋይ እናተዘረቦ ዝዓበየ ሰብ፤ በዛ ዕሕፍቲ ኣዚዩ ከም ዝስንበድን ዝቑጣዕን ይግምት (ይቅርታ! ኣይከስከፍን እየ!)

ወዮ ንሕና ተጋሩ ዕዋን ተግሳፅን ወለድና ከነኽብርን ሃይማኖትና ኢልዎ እዩ ዝተብሃልናዮ ኩሉ ብዘይሕቶን ጥርጣረን ተቐቢልና ከነተግብርን "ሓደ ገፅና ፀፊዖም ኣብኡ ዘሎ ኮራርምትና ንዘርግፉና ድሑራትን ለዛያትን" እቲ ዘይተወቕዐ ከፋል ገፅና ከነድግም፣ ብዘይ ኮራርምቲ ዝተረፍና ለዋሃት ደቂ ኣዳምን ሂዋንን ስለ ዝኾንና፤ ንድሑርን ንዘይርደኣን ብዝወሃብ ትሕትናናን ሓልዮትን፣ ነዓና ደቂ እዚ ዘበን፣ ወለድናን ኣቦ ሓጎታትናን ድከት ኣእትዩስ ንደቅና እውን ከተርፍ ኣብ ጫፍ በፂሑ ይርከብ።



Scanned with CamScanner

ስለዚ ሎሚ ትማሊ ኣይኮነን፣ ብዝብል ጭቡጥን ርትዓዊ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂን ተበጊስና ንደቅና ዕውዕዋይ ታሪኽን ሓልዮትን እዛ ሰናዕ ሃገርን ህዝባን ዘይኮነስ ሓቂ ከንነግሮም ይግባእ (ብውሑዱ ከይነጋግዮም ባዕሎም ከውስኑ ሓቂ ንንገሮም።) ካብቱ መሊኡ ዝፈስስ ዘሎ ሓቂ ንእሽቶ ተጨሊፉ ቀጊሉ ተዕሒፉ እኒህልኹም...

* ኢትዮጵያ ማለት ደም ተጋሩ መጢጣ ዘይትረዊ ጣእት ኣጋንንቲ እያ።

* ኢትዮጵያ ማለት ምኒልክ ዝብሃል ድዉይ ዝተዓወተላ፣ ዛርቲ ሸዋ ዝዕንድረላ ዛዕጎል ጠንቆልቲ እያ።

* ኢትዮጵያ ማለት ታሪኽን ጀግንነትን እኒ ንጉሰ ነገስት ሃፀይ ዮሃንስ፣ ጀነራል ራእሲ ኣሉላ፣ ባሻይ ኣውዓሎምን ኣእላፍ ተጋሩን ከሒዳ፣ ታሪኽ ሽፍትነት በዓል በላይ ዘለቀ ከተጉልህ ዓቕላ ዝፀባ "ኣብ ቡኸራ እትሓርእ" 'ብርቂ' እያ።

ኢትዮጵያ ታሪኽን ሃይማኖትን ተጋሩ ካብ ማህደር መዛግብታ ኣልዒልኻ እንትረእ:-

* ኣብ ዕውዕዋይ ዝተነድቀት ሓቀኛ ምስሊ ዘይብላ፣ ታሪኻን ሃይማኖታን ሓሶት ዝኾነት ሃገር ምኧና ምንጋር የድሊ ንተጋሩ ህፃውንቲ ትግራይ!

* ኢትዮጵያ ማለት ሓሰውቲ ፀሓፍቲ ታሪኽን ጠንቋሎ ሃይማኖተኛታት ኢና በሃልትን ዝፃውቱላ ቀለማ ዝሓሰሰ ብላይ ካርታ እያ።

* ኢትዮጵያ ማለት ተዋሳእቲ ኢና በሃልቲ ዝሕጩጩላ፣ ደረፍቲ ኢና በሃልቲ ዘላግፁላ ፤ ድንዙዛት ኣህዛብ ዝነብሩላ '27 ዓመት ብርሃን እንኪ' ከትበሃል ከላ 'ፀልሚቱኒ ካርና' እትብል ናይ ድንቁርናን ፀልማትን ሃገር እያ።

* ኢትዮጵያ ማለት "ድንግል" እናበሉ ድንግልናኣ ከወስዱ ደም ንምፍሳስ ዝቀዳደሙላ እምነት ዘይብላ ሃገር እያ።

* እወ ኢትዮጵያ ማለት ካብ ታሪኽን ስልጣነን ተጋሩ ትግራይ ተለቂሓ ትጭርሕ፣ ብሃይማኖትን ከብርን ተጋሩ ዕላል ሒዛ ዝስገደላ ሊጣ፣ ግን ድማ ነቶም ዘኸበርዋን ከሳዳ ከተቕንዕ ዝገበሩዋን ተጋሩ ከተጠፍእ ድቃስ ዝሰኣነት ሊቃቕ ዛብያ ሃገር።
ንሕና ድማ . . .

እወ ተጋሩ ትግራይ:- ስረ ምዕጣቑ እንኽእል ህዝቢ፣ ቂምን ቅርሒንትን ግን ዘይናትና። ወለድና ዘየምሀሩና፣ ዘየፅንሑልና እውን።

ስለዝኾነ እዩ ድማ ብተመሳሰልቲ ሓይሊታት መግዛ ዘቐበልናዮም ሓለንጊን ወልዊልና ዝሃብናዮም ኣብትርቲን እናተጠቐሙ ደጋጊሞም ማእገርና ዝግሽልጡና! ከሳብ ሆ ኢልና ተልዒልና ሓመ ድብ እነእትዮም።

ፀኒሕና ድማ ሓመድ-ድብ ዘእተናዮም ፀላእቲ ባዕልትና ፈሕርና ነውዕእም። ሓኪምናን ቀሊብናን እስትንፋስ ንዘርኣሎም። እወ ንሕና ዝሓለፈ ኩሉ ረሲዕና ሕውነት ከንምስርት፣ ዓዲ ኩላትና ዝበልናያ ከዳዕ ዓዶም ከንሃንፅ ድቃስ ሰይቲ ዝሓርመና ደቂ በይዛ እና!

እወ ድማ ንሳቶም ስራሕ ኣያታቶም ዘይርስዑ፣ ንዓና ዘጥፍእሉ ውዲት ከፍሕሱ ሰልም ዘየብሉ ደቂታን ምኒልክ ውተፈሪ! ከፍተትን ነኧልን ረኺብና ኢሎም ኣብ ዝኣመኑሉ ሰዓት እቲ ዝሃነፅናሎምን ዘረከብናዮምን ዓቕምና ተጠቒሞም ዝወፍሩልና። መመሊሶም ዝወሩና፣ መመሊስና እንስዕሮም፣ መመሊስና ድማ እንርስዖ። እወ ተጋሩ "ካብ ታሪኽ ዝተምሃርዎ ነገር እንተሃለወ ካብ ታሪኽም ዘይምምሃሮም እዩ" ተባሂሉ ዝሕጨጨልና!

ትዕግስቲን ዓቕሊን ዝበሃሉ ከብርታትን ፀጋታትን ብዘይፍጥሮም ፀላእቲ እተኸበብና። ፍርሒን ኣዘንጊዕኻ ምጥቃዕን ጥራሕ ዝፈልጡ ኣህዛብ። ከዕግሞም ዘዕቅጡ፣ እንትጥዕሞም ዘኹረምብጡ፣ ዝሕምብጡ። መንፈሲ ዕጋቦም "ጦር-እውርድ" እናበሉ ግዝኣት እንዳማቶም ዝትብጡ። ከም ኣመሎም ብሕቡር ቅልዕም ተጋሩ ዝውቀጡ። መሊሶም ከዓ



Scanned with CamScanner

ዘዕቅጡ፣ ከሳብ ኣንሳዕሪሮም ዝሓብጡ... ለለ ከዝበጡ ስለዚ ተጋሩ..

ትግራይ— ቅንዕና ዮሃንስን ኣሉላን— ግርህነት መራሕቲ ቀዳማይን ካልኣይን ወያነ፤ ትሕትናን ይቕረ ምባልን ወለድና ኣብ ደቅና ከይድገም ሓደራ። ኢትዮጵያ ዋጋ ትሕትና ኣይርዳኣን..

ደቅና ደቂ ትግራይ ኩሕሎ !

ሓደ ገፅኩም ንዘዐፍዐኩም እቲ ሓደ ምሃብ እሞ ይትረፍ፣ ከም ደቂ እስራኤል ገና ከፀፍዐኩም ምሕሳቡ እንተረጋጊፅኩም ኣብዛ መሬት ምፍጣሩ ዘዕልእ ቅፅዓት ሃቡዎ። እወ 'እቲ ሓደ መንኩሎጭኹም ንዘዐፍዐኩም እቲ ሓደ ሃብዎ' ዝብል 'ኣስተምህሮ' ይኹን ፅውፅዋይ ኣብ ዘይምዓሉ ከይተውፅልዎ!!! ፀላኢ ገና ትንፅ እንተብይበለ፥ንተጋሩ ከወቕዕ "ምሕሳቡ" ባዕሉ ስሕታን ምዓሉ ዘርድኦ በትሪ ኣፅልብሉ።

መላእ ዓለምኻ ኣሊሽካ ከትረከብ ብላምባዲና ጋዶ እዩ።

ካብታ ናይ ብሄር ብሄረሰባት ብላይ ድርዕቶ፣ ካብዛ ለጊብካ ሕፍረታ ዘይትኸውል በሻዕን ድሕርትን ከትዕውዓኳ እተሰከፍ ነውራም ሃገር ንሓንሳእን ንሓዋሩን ምፍልላይ ግድን ይኸውን።

እሞ ተጋሩ ፅንወት ካልኣት ኣይንምነን ከንብል ፅንወትናን ኣብ'ዛ መሬት ምህላውናን ካብ ዘይምነዩልና "ድሑራት ፀላእትና" ንሓንሳእን ንሓዋሩን ከንፈላለ እንተኾይንና፤ ፀላእትና ዘብፅሑልና በደልን ግፍዕን ፀብጺብና ከንቀፅዖም፣ ሕነና ከንፈድን ኣብ መወዳእታ ድማ ከንፍለዮም ይግባእ።

እቶም ለባማት፣ ሒያዎት ግን ገርህታት ተጋሩ ወለድኹም እንታይ ይብሉ ይመስለኩም "መባእስትኻስ ለባም ይግበሮ" ይብሉ። ንፅባሕ

## "... ባዕልቶም ሰላም ከኢኦምና፣ ብጠቕላልኡ ኣብዛ መሬት እዳኣቦና ከይንነብር ከይንቐስን ገይሮምና። ... ዋእ ብሸዋ ክንደይ ግዘ ክንብደል? ... እሞ ምስ ሰብእነትና ፅዋቅናን?"

ንፀላኢኻ ዝግበኦ በትሪ ምሃብ እምበር ሓደ ገፅካ ሂብካ፤ ካሊእ ከደግም ምዕዳም(ምስሉይን ደናንን ምኻን) ኣየድልን። እዚይ ንምግባር ድማ ከምቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኽዎም እስራኤላውያን ልዑል ትምህርትን ንቕሓትን፤ ብሉፅ ምርምርን ዘመናዊ ዕጥቅን ወንኑ።

እምሕፀነኩም ድማ :- ካብቶም ወለዶ ኣልሚሶም ኣደዳ መገውቲ ፀላእቲ ዝገብሩ ኩሎም ሕማቕ ተግበእታት(ወልፍታት) ከትርሕቑ !!!

ስልጣን፣ ታሪኽ፣ ሃይማኖት፣ ኒሕን ሓቦን ትግራዋይ ሒዝኩም ንማንም ድሑርን ከይዲ ዝግመቱ ዘይወድእ እንዳን ቀቢላን ብሄር እየ በሃሊን ርእሰኹም ከየድንንኩም ሰድሩ። ወዮ ድኣ ምሒር ስከፉትትኩም ሓሊኹ ሒዘኩምን እምበረ መጠን ድፍረተ ትምክሕቲ ወጢሩዎምን እምበር፤ በቲ በሪኽ ስልጣንኹም ማዕረኹም ደረቱ ነፊሑ ከረግፅ እየ ዝብል፣ ኣሸንኳይዶ ካብዛ ድሕርቲ ስናዕ ሃገር ካብ

መታዓረኞን ኮፍ ኢልካ መላዘብን ዝኾን ዋላ ከንዲ ዓይኒ መርፍእ ትኾን ነኺል እንተሓደገ ብዝብል። ግን እዚይ ከምቲ ንሕና ተጋሩ ንሓስቦ ኣይኮነን። "ፀላእትና ድሑራትን ደናቑርን እዮም"። ንፅባሕ ዝብሃል ዘይፈጠረሎም። ኣይኮነሎምን እምበር እቲ ግሁድ ሓቂ፣ ኣብታ ፅባሕ ከትህሉ ዝደልይዋ ሊጋብ ሃገር ተጋሩ ከንነብረላ ኣይደለዩን ነይሮም። ተጋሩ ዘይብላ ሃገር ከምስርቱ ከብሉ እዮም ከጥፍኡና ፀንቂቖም ዘሚቶም።

ሃየ...ነዞም ንድሕሪት ዝጉቱና ንጥፍኣትና ድቃስ ዘይብሎም "ድሑራት ፀላእቲ" ከነሳሊን ዝገደፉልና በሰላ ከንሕከምን ግዜ ከይነጥፍእ። "ለትግሬ ኣንድ ይቅርታ ይበቃዋል" ዝብል ነፋጥ ዘረባ ነፍጠኛታት ናብ ጓሓፍ ገሓፍና ዓድና ነፅሪ።

ሃየ መዝግቡ... ነዛ ካብዛ መሬት ኣዳምን ሄዋንን ከተጥፍኣና፣ ደቃን ንብረታን፤ ሃፍታን ጥሪታን



Scanned with CamScanner

ዘኸተተት፣ ዓቕማ ዓቕሚ ሽምባዕታ ምስ ኮና ድማ ንቶም ደናቑር ኣራዊት ሻዕብያ፣ ንቶም 'ኢሮልቭ' ዘይገብሩ ድሑራት ሽንቲ ትምክሕቲ፣ ከምኡ እውን ንቶም ኣልጫ ዘቃፅሎም ገንዘብ ንዳዲ ዘዕበዶም ሱዑዲ ዓረብን ኤምሬትን.. ነታ ትግሊ ሰላም ከትኸውን ደምና ዝኸፈልናላ መቐመጫኣ ዘይከደነት ሶማልን ዓዲማ፤ ኣብ ልዕሊ ከቡራት ኣዴታትናን ኣሕዋትናን፣ ኣብ ልዕሊ ዕሽላት ህፃናትን ጎዮም ዘይመነዉ መናእሰያትናን፣ ኣብ ልዕሊ እቶም መኸዝን ፍልጠትን ያታን ዝኾኑ ፅላል ዳዕሮ ሽማግለታት ወለድና፣ ኣብ ልዕሊ እተን ከም ሰብ ጨነአን ንሃርፈን ጥሪት ገደናና፣ ኣብ ልዕሊ ወሓዝቲ ሩባታትና፣ ሳዕሪ፣ ኣእዋምን ኮታስ ኣብ መሬትና፣ ዘሚታን ኣዝሚታን ከተቃበፀና ዝወፈረት ሃገር እያ ኢትዮጵያ(ሽማ ሸይጣን ይፀውዓዮ)!

ከተቃበፀና መጊኢ . .ሳላ ትብዓት፣ ቆራፅነት፣ ጅግንነትናን መስተንከራዊ ፀዋርነትናን ደኹዕና ምስወዳእናያ እቲ ንዘመናት ሒዝናዮ ዝመፃና ገርህነትና ተፃዒኑና፣ እቲ ዝተለመደ ዓይነት ዕርቆምን ይቅርተኦምን ከይንቕበል ሃየ(ምኒልክ ኣብ ልዕሊ የውሃንስ፤ ሊሂቃን ሸዋ ኣብ ልዕሊ ዕውት ብሄራዊ ቃልሲ ኻልኣይ ወያነ ዝፈሓስዎ ውዲት ልቢ ንበል ሃየ)...ሕነ ህዝብና ከንምልስ ግድን ይኸውን። ብእርይ ቁፅሪ ዝኸሰርናዮ ቆፂርና፣ ካሕሳና ከንረክብ ይግባእ!

ከምቲ ኣቦና ኣባ መብረቕ ብላታ ሃይለማርያም ረዳ ዝበልዎ "...ባዕልቶም ሰላም ከሊኦምና፣ ብጠቕላልኡ ኣብዛ መሬት እዳኣቦና ከይንነብር ከይንቕስን ገይሮምና። . . . ዋእ ብሽዋ ከንደይ ግዘ ከንብደል? . . . እሞ ምስ ስብእነትናን ዕጥቅናን?" እወ! ከንደይ ግዜ ከንብደል? ገዲምስ ይኣኽለናባ! ይኣኽለና በሉ!

እወ! እዛ መልገብ ድሕረትን ድንቁርናን ዝኾነት ሃገር፣ ኣብ መወዳእታ ዕድመኣ እያ እትርከብ፣ ከትቃበፅ ንሓግዛ! ይኣኽለኪ እዩ ንበላ!
ተስፋ ዕባሕ ተረኪብቲ ሃገረ ትግራይ ተጋሩ ከምታ ናትና ሰኸፈት ተስኪፍኩም፣ ኣይብሃልን ከይትብሉ፤ "ኢትዮጵያ ትዕነው በሉ"።
ኣሜን !!!!!

## በዓል ሓከንጊ ... ካብ ገፅ 23 ዝቐፀለ

ተጋዳላይ ሎሚ፣ ተጋዳላይ ትማሊ፣ ተጋዳላይ ዕባሕ ኩሉ ጊዜ ተጋዳላይ እዩ:: ተጋዲሉ ዘውድቖም ፀላእቱ መልከዖምን ኣመፃፅኣኦምን ከፈላለ እምበር ዘበን ዝጠልቦ ብልሒን ኒሕን፣ ጥበብን ኣደብን ተዓጢቑ ሓሊኹ ራዕ ዘብሎም ጅግና ተጋዳላይ ኩልሻብ ንስ እዩ:: ካብ ውሉድ ወለዶ ዝሰግር መንፈስ ቃልሲ፣ ኣርማ ፅንዓት፣ ማህተም ፍትሒን ርትዕን፣ ሽግ ሓርነትን ሓድነትን ለኩሱ ዘብርህ ወለዶ ኣሎ:: ኣብ በቢ ዕባሑ ንዕኡን ከምኡ ዝበሉን ጀጋኑ ምውላድ እትኽእል ኣደ ድማ ኣላ፣ ትግራይ::

ንነፃነቱን ሓርነቱን ብዝኾነ ማል ዘይዋገ፣ ወዕዓን በደልን ሓፍቱ፣ ጎረቤቱ፣ ኣዲኡ፣ በዓልቲ እንዳኡ፣ ወዱ ዘመዱ፣ ኣቡኡ ሓሙኡ ኮታስ ሰቡ ቤተ-ሰቡ፤ ዘቤቱ ዘገዳሙ ኣሜን ኢሉ ዘይቕበል፤ ከብሪ ዓዱ ዝትንከፍ ገሃሲን ማእኮት ዓውዱ ዘጉድል ሃውዳዴስን ዘይፈቱ ትግራዋይ ድምፁ ዓው ኣቢሉ ዝዝምራ ናይ ቁርጺ መዓልቲ መዝሙር ድማ ኣሎዎ::

"ዘይንድይቦ ጎቦ
ዘይንሰግሮ ሩባ፣ ፍፁም ወይከ የለን፤
መስመርዩ ሓይልና፣
ህዝቢዩ ሓይልና ፣ወይከ ኣይንሰዓርን::..."

ኢላ ካብ እትቕፅል መዝሙር ንሓንቲ ብርኪ እታ ግጥሚ ጠቒሱ ጋዜጠኛ ነጋ ዘርኡ ሓደ እዋን ኣብ ገፅ ማሕበራዊ መራኸቦ ዘንበራ ኣበሃህላ መእሰሪ ወግዐይ ሓርየያለኹ::

..."ስጋና ንኣሞራ ደምና ፣ ውሑጅ ይኹን፤
ኣዕፅምትና ይድቀቕ፣ ሕፋጭ ኮይኑ ይበተን"...
ኢሉ ዝተልዓለ ሞት ዘሰምብድ ህዝቢ፤ ደው ከብሎስ ይትረፍ ኣብ ቅድሚኡ ደፊሩ ደው ዝብል ከቶ መንዩ?

ኣነ ድማ እብል :-
ዋላ ሓደ!!
እዚ ወድሓንኩም።
ትግራይ ትስዕር !!!



Scanned with CamScanner

# ስዉእ ዘድሐነ ጅግና ህዝቢ

ወዲ ኣሉላ

ኣሉላ ይበሃል፣ ኣብ ከሊ ዕድመ 30ታት ዝርከብ ትግራዋይ መንእሰይ እዩ፡፡ ትግራይ ብጥምረት ሰለስ ሓይልታት(tripartite axis forces) ወራር ምስተፈፀመላ ሓሪት ብወለንትኣም ናብ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ካብ ዝተሰለፉ ጀጋኑ መናእሰይ ትግራይ ሓደ እዩ፡፡ ኣሉላ ወተሃዳራዊ ልምዲ ኣይነበሮን፣ድምፂ ጥይት ብርሑቕ እምበር ብቐረባ ኣይፈልጦን፤ ይኹን እምበር ከም ብሉን ዓይኑ ዝሪኣ ትግራይ በዞም ወረርቲ እንትትድፈር ከዕመም ኣይከኣለን፣ ኣብ መጀመሪያ ሰሙን እቲ ወራር ናብ ስልጠና ማእኸል ወፊሩ፡፡

መሰረታዊ ወተሃደራዊ ስልጠና ኣብ ዉሽጢ ዉሑዳት መዓልትታት ዛዚሙ ብቀጥታ ናብ ከቢድ ኩናት እዩ ኣትዩ፡፡ ኣብ ግምባር ዕዳጋ ሓሙስ ተመዲቡ፡ ኣብ ከባብታት ዕዳጋ ሓሙስ፣ ፈራዉን (ስንቃጣ)፣ ነጋሽ፣ ኣጉላዕ፣ ሃገረ ሰላም፣ ቆራሮ፣ ገለበዳ ኢሉ እዉን ብርከት ኣብ ዝበሉ ከባቢታት ተምቢን ከበድትን ፈተንትን ዉግኣት ብምስታፍ ጅግንነቱ ኣመስኪሩ እዩ፡፡

ኣብ ከባብታት ተምቤን ይካየዱ ካብ ዝነበሩ ከበድቲን ዕውቓትን ግጥማት ኣብ ሕምብርቲ ፀላኢ ጠጊጉ ብምኢታዉ ኣብ ማእኸል ድፋዕ ፀላኢ ኮይኑ ወረርቲ ፋሕ ጭንግራሕ እንተእትወሎም ኣብ የማነይቲ እግሩ ከቢድ መዉጋእቲ የጋጥሞ (እግሩ ይስበር)፡ ዉንኡ ኣጥፊኡ ይወድቕ፡ ኣብቲ ዝወደቐሉ ከባቢ ዝተቀበሩ ፈንጂታት ስለዘነበሩ፣ ፍንጣር ናይቶም ዝፍንጀሩ ቁምብላታት ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ኣካላቱ ጉድኣት ይበፅሖ፡፡

ድሕሪ ነዋሕ ሰዓታት ወተሃደራት ኢሳያስ ኣብ ቀረባ ኮይኖም እናተዛረቡ ድምፂ ምስ ሰምዐ ናብ ሃለዋቱን ቀልቡን ተመለሰ፡፡ ሽዑ ኣሉላ፣ ዘለዎ ቦታ ወተሃደራት ፀላኢ ከምዝሓዝዎ ክርዳእ ከኣለ፣ ምንም ዓይነት ምንቅስቓስ ከይገበረ ኩነታቶም ከፀናፅን መረፀ፡፡ እቶም ወተሃዳራት ኣስታት 6 ይኾኑ እዮም ናብኡ (ናብ ኣሉላ) እናቀረቡ ይመፁ ከምዘለዉ ካብ ወግዖምን ኣረጋግፆኦምን ከስተብህል ከኢሉ፡፡

ወተሃደራት ኢሳያስ ናብ ኣሉላ ምስ ቀረቡ « እንታ እዘ ዓጋመ ሞይታ ድያ» ብምባል ብብድዐ ይዛረቡን ይስሕቁን ኔሮም፡፡ ቅርብ ኢሎም ድማ ቆቢዑን ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረ ጥምጣም(ሽርጥ) ኣልዒሎም ወሲዶምዎ፡፡ ቀጺሎም ርእሱ ድርገዝገዝ እናበሉ ኩነታቱ ከፀናፅኑ ፈተኑ፡ ኣሉላ ሐዚ እዉን ትንፋሱ ሓቢኡ ምስ ኣፅቀጠ እዩ፡፡ ቀጺሎም ናብ ምፍታሽ ጁባ ተሰጋገሩ፤ ሓንቲ ዓባይ ሞባይልን ( Smartphone) ኢሉ እዉን ኣብ መዓንጥኡ ከባቢ ዝነበረት ሳንጃን ወሲዶምወን፡፡

ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ብተመሳሳሊ ከልተ ወተሃደራት ኢሳያስ ናብኡ ቀረቡ፡ ግዜ ከየጥፍኡ ናብ ጁባ ምፍታሽ ኣተዉ፤ ይኩን እምበር ኣሉላ ዝነበሮ ንብረት በቶም ቀዲሞም ዝመፁ ጎሓሎ ስለዝተወሰደ እቶም ዳሕረዎት ሰረቕቲ



Scanned with CamScanner

ወተሃደራት ኣይሰለጦምን፡፡ « ካላስ ባራ እዩ፣ ንኺድ» ኢሎም ክኸዱ ምስ በሉ እቲ ሓደ ወተሃደር ፤ «ንምንታይ ኣገላቢጥና ዘይንሪኦ፡ እምበርከ ሞይቱ ድዩ?>> ብምባል ነቲ ካልኣዋይ ወተሃደር ይዛረቦ፡፡

እቲ ካልኣዋይ ወተሃደር ተቐቢሉ « ኣንታ ከንደይ ትጠራጠር ኢኻ፣ ሙሉእ ነብሱ ደም ተፀይቑስ፣

# ህዝቢ ትግራይ ንተጋደልቱ ዝሕብሕብ፣ ዝሕክም፣ ዝቕልብ ኢሉ እዉን ጅግንነትን ትብዓትን ዘዕጥቕ ቃላይ ጅግንነትን ትረትን፡፡

ከማን ኣፀቢቑ እዩ ሞይቱ » ኢሉ ብድዕን ባጫን ብዝተሓዋወሶ ቃና መለሰሉ፡፡ በዚ ካልኣዋይ ሓሳብ ስልዝተስማዕምዑ ገዲፎምዎ ሽርብ በሉ፡ ፡ ኣሉላ ምስተወቕዐ ብከብዱ ንቑልቑል ኣፉ ተደፊኡ እዩ ደቂሱ ኔሩ፣ ከምቲ ሓደ ወተሃደር ኢሳያስ ዝበሎ መዚኦም እንተዘገላብጥዎ ብሂወት ምህላዉ ፈሊጦም ከርሸንዎ ከምዝነበሩ ዘማትእ ኣይነበረን፡፡

ወተሃደራት ኢሳያስ እቲ ቦታ ለቒቖም ምስ ከዱ ኣብቲ ከባቢ ተወር ዝብል ሰብ ጠፍኡ፡፡ኣብታ ዝተወቕዐላ ቦታ ከልተ መዓልቲ ሰብ ከይረኣዮ ፀኒሑ፣ ምግብን ማይን ንስለስተ መዓልቲ ኣይረኸበን፡፡ ኣብ እግሩ ብፍላይ ኣብ ካልኦት ኣካላቱ ብዝበፅሖ ቀለልቲ መጉዳእቲታት ከቢድ ቃንዛ ኣለዎ፣ ምንቅስቓስ ድማ ፍፁም ኣይኽእልን፤ ኣብዚ ህሞት ካብ ኣይሂ ቁምብላታት ፀላኢ፡ ካብ መርሸንቲ ወተሃደራት ኣሳያስ ኢሉ እዉን ካብ ከቢድ መዉጋእቲ ብተኣምር ዝተረፈት ትንፋስ ሰኣን ሓጋዚ ኣብ ደንደስ ዕርበት በዕሓት፡፡

ኣሉላ ኣካለቱ ተዳኺሙ፣ ተስፍኡ ፀልሚቱ፣ ሰብን እንስሳን ኣብ ዝፈንፈኖ ጨረዉረዉ ኣብ ዝበለ ፀምፀም በረኻ ምስ መልኣከ-ሞት ይፋጠጥ ኣሎ፡፡ ዓይኑ እናረኣየ፣ እዝኑ እናሰምዐ፡ ትንፋሱ ናብ ዘለኣለማዊ ስፍራኣ ንምኻድ ኣብ ትሽባሽበሉ ቅፅበት፤ እቲ ኣብ ደንደስ መስዋእቲ ዝበፅሐ ጅግና ተጋዳላይ ትግራይ ትንሳኤኡ ዘብስር ሓደ ሰብኣይ ኣማስዩ ደበኸ በለ፡፡ እዚ ሰብኣይ ኣይተ ሓለፎም ይበሃል፣ ኣምላኽ ትግራይ ብገሕ ግዲ ኢልዎ በቲ ጨረውረው ዝበለ በረኻ ቆሪፁ እንትሓልፍ ኣብ መገዲ እዩ ምስ ኣሉላ ጎፍ ንጎፍ ዝተራኸቡ፡፡

ኣይተ ሓለፎም በቲ ዝረኣዮ ኩነታት ኣዝዩ ዋላ እንተሰንበደ፣ ተጋዳላይ ትግራይ ምኻኑ ምስፈለጠ ግን ካብቲ ካባቢ ርሕቕ ኢሉ ናብ ዝርከብ ሰባት ዘለውዎ ቦታ ኺይዱ ሓገዝቲ ብምፅዋዕ ተሰኪሞም ናብ ቤተ ክርስትያን ወሲዶምዎ፡፡ ባህላዊ ሐካይም እቲ ካባቢ መጺኦም ንቁስሉ ብመዓርን ጨዉን ጌሮም ብምሕፃብ እግሩ ብከልተ ገፀ ከእሰር ተጌሩ፡፡ ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ንሹዱሽተ መዓልቲ ፀኒሑ።

ነበርቲ እቲ ከባቢ ድማ ዝያዳ ደቆምን ስድሮኦምን ፍሉይ ክንክን እዮም ጌሮምሉ፡፡ ስጋ፣ እንቃቑሖ፣ ፀባ፣ ደርሆን ካልኦትን ሃነፅቲ ምግብታት ኢሉ



Scanned with CamScanner

እዉን ቁሱሉ ንምሕዋይ ዘገልግሉ መዓር፣ ጨዉ፣ ሻሸን ካልኦትን ዝበሉ ኣድለይቲ ነገራት ብምምላእ ከሕከምን ቁስሉ ክሓዊን ታሪኻዊ ግደኦም ተዋፂኦም።።

ንኣዋርሕ ኣብ ገዛኦም ሓቢኦም፣ ቀለቡን ሕከምንኡን ብኣግባቡ እናተኸታተሉ፣ ፀላኢ ናብቲ ኸቢቢ እንትመፅእ ወይድማ ኣብቲ ከባቢ ዉግእ እንትግበር ናብ ስዉር ቦታ እናወሰዱ፣ ኣብ ደንደስ መስዋእቲ ዝነበረ ተጋዳላይ ሂወቶምን ሂወት ስድርኦም ኣብ ሓደጋ ኣዉዲቖም ሂወት ለጊሶምሉ።።

ደሓር ቁስሉ ምስ ሓወየ ድማ ነበርቲ እቲ ከባቢ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ናብ ዝነበርሉ ቦታ ንመዓልቲታት ብቓሬዛ ተሰኪሞም ኣብጺሖምዎ።። ህዝቢ ትግራይ በቢመዓልቱን በቢከባቢኡን ከምዚኦም ዝበሉ ተመሳሳልቲ ቅያታት ከምዝፍፅም ምንም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ፡ ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ንፍትሓዊ ቃልሲ ንምድጋፍ ንድሕሪት ዘይብልን ኣብ ልዕሊኡ ዝፍፀም ወራርን ኣሚን ኢሉ ዝቕበል ህዝቢ ስለዘይኮነ።። እዚ ሓያልነት፣ ፅንዓት፣ ትረት፣ ተቓላሳይነት፣ ብልሓት፣ ተፀዋራይነትን ብሄራዊ ስምረትን ህዝቢ ትግራይ ቁልጭ ኣቢሉ ዘርኢ ኣብነት እዩ።።

ህዝቢ ትግራይ ንተጋደልቱ ዝሕብሕብ፣ ዝሕከም፣ ዝቕልብ ኢሉ እዉን ጅግንነትን ትብዓትን ዘዕጥቕ ቃላይ ጅግንነትን ትረትን።። ተጋዳላይ ትግራይ እዉን ብግዲኡ ብሚሒር ፍቕሪ ህዝቡን መሬት ዓዲ ኣቡኡ ዝነደደ፣ ሓልዮትን ድጋፍን ህዝብና ስንቂ ቃልሱ ጌሩ ዝርዳእን ንክብሪ ህዝቡን ዓዱን ዝዋደቕ ሓለል፣ ጅግና፣ ሓበን ህዝቡን።።

ህዝቢ ትግራይ መዋእሉን ታሪኹን ቃልሲ እዩ፡ ፡ ኣብ ዘይዛሪ ዑደት ቃልሲ ምስ ባዕዳዉያን ወረርትን ምስ ናይ ዉሽጢ ጎበጥቲን ገጢሙ እልፊ ኣእላፍ መስዋእቲ ከፊሉን ይኸፍል ኣሎን፡ ፡ ህዝቢ ትግራይ እንትቃለስ ምእንተ ህልዉንኡ፣ መሬቱ፣ መንነቱን ሓርነቱን እዩ።። ድሉቱ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ህዝብታት ንምዕዓን ኢሉ እዉን ብዋጋ ክልኦት ህዝብታት ረብሕኡን ህልዉንኡን ንምዉሓስ ሃቂኑን ተንቀሳቂሱን ኣይፈልጥን፡ ፡ ስለዝኾነ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኩሉ ሻዕ ፍትሓዊ እዩ፣ ዓርሰኻ ናይ ምክልኻልን ካብ ወፅዓን ወራርን ሓራ ንምዉፃእ ዝግበር ዝነበረን ዘሎ ቃልሲ እዩ።

ወረርቲ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብዘዉረድዎ ግፍዒ ህዝቢ ትግራይ ኣይተሰኮነን፣ ኢዱ ኣይሃበን፣ ብዘወረዶ መወዳደርቲ ኣልቦ በደል ኣይተምበርከኸን፣ ብፀገምን መከራን ኣይተሓለለን፤ የግዳስ መዓንጥኡ ሸጦ ኣቢሉ ኣብቲ ህዝባዊ ቃልሲ ረጊጉ ታሪኻዊ ቅያ ይፍፅም ኣሎ፡ ፡ በዚ መሰረት ንጅግና ሰራዊት ትግራይ ዱልዱል ደጀን ብምኻን ማለት እዉን ስንቂ ብምቅራብ፣ ሓበሬታ ብምሃብ፣ ዉጉኣት ብምልዓልን ብምሕብሓብን ብሓፈሻ ድማ ትግራይ ንወረርትን ጎበጥትን ረመፅ ብምግባር ኣብ ምሕዃር ዕድመ ፀላእቲ ታሪኻዊ ግቡኡ ኣብ ምፍፃም ይርከብ።።

ህዝቢ ትግራይ ንፍትሓዊን ህዝባዊ ዕላማ ንዘተሓንገጠን ቃልሲ መስዋእቲ ንምኽፋል ድምብርፅ ኣይብልን፣ ኣካል እቲ ቃልሲ ንምኧን ዓይኑ ኣይሓስን፣ ኢሉ እዉን ወለም ዘለም ኣይብልን።። ፍትሓዊን ህዝባዊን ኢሉ ንዝኣመነሉ ቃልሲ ድማ ኣሽሓት ኣሉላታትን ሓለፎማትን ኣዕሲሉ ባዕሉ ቀላሲ፣ በዓል ዋና፣ ተጋዳላይ፣ ደጀንን ሓበንን ኮይኑ ይቃለስን ይዕወትን።።

ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ትግራይ



Scanned with CamScanner

# በዓል ሓለንጊ

ክነኣን ግ.

ብሂል እዩ "በዓል ሓለንጊ" ። ምዕሩግ ፣ በዓል ኩብሪን በትርን ክም ማለት። እታ ሓለንጉ በትረ ስልጣን፣ ሓላፍነትን ማሕበረ ፓለቲካዊ ኣውራነትን ድማ ተተምብሀ። ወለድና እከለ እኮ "በዓል ሓለንጊ" እዩ እንተይሎም ርኹብን ህቡብን ንዝኾነ ሰብ እዩ። ብሓለንንም ዓዶምን ዓውዶምን የኽብሩ። ድንጉላ ፈረሶም የጋልቡ፤ ባዝራ በቕሎም የስግሩ። ነዛ "ሓለንጊ" ተምሳሊት ታሪኻዊን ማሕበራዊ ኽብሪ ትግራይን ተጋሩን ቆሪሐያ'ለኹ። ዳሕራይ እቶም ወለዲ "ሓለንጎም" እንትትንከፍ፣ ኽብሮም እንትጎድል፣ ባህጎምን ሓቆምን እንትብደል...

ቱታ!...ቱታ!
"ዘይልከፍ ዕረ
ዘይቁሓም በርበረ
ዘይቑርጠም ዓረ
ዘይተሓዝ ጭምብርበረ"

ኢሎም ይፍክሩ ነበሩ፣ እቶም ክም ዕምብላሊዕ ዘይጭበጡ ጀጋኑ ወየንቲ ሰብ ቀደመ ኣያታትና፡ ፡ ደሓር ከኣስ "ራዛ ናይ ኣብኡ ሓዛ" ከምዝበሃል ምዓል ኣቦታቶም ዘይገገዩ፤ ነቲ ኣብ ሜዳ እግሪ ትግራይ ኣሳፊሑ ክም መንዳእ መወሳወሲ ዝኸልኣ ጎነቅ ስርዓት ደርጊ ከነቕሉን በቢ ዝመፀሉ ክም ሽንፋእ ከደቑሱን፤ ኣብ ዝወዓልዎ ሓዲሮም ዘይፈልጡ "ንስረታት ዘበን" ተፈጠሩ።
ብዘይተፀበዮ ኣንፈት እናሰልዑ ኣብ ዘይሓሰቦ ከፋል ስምዒቱ እንትስንዕዎ ተኳሳሓይ በሰልኡ እምበር መብረቕ ውቅዒት ኣናብስ ደቂ ህዝቢ ምትምባይ ቐቢዑ ፀላኢ። ሃናቱ ከሳብ ዝጥበቕ ተጨኒቑ ዓይኒ መርፍኡ ምስጠፍእ ሰብነቶም ፈንፊኑ። መናፍስቲ እምበር ክም ሃገሮም ኣብ ትሽዓተ ወርሒ ወላድ ኣብ ማእሳ ዝሓረሰቶም ፍጥረታት ኣይኮኑን በለ። ኣብ ሰረገላ ዕውዕዋይ ተዓምሪቑ መስሓቕ ዓዲ ኮነ።

ብፍላይ ካብቶም ብኣውራነት ዝቑርሑ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ስሒሉ ዘውፅኦም በላሕቲ ተጋደልቲ ሓደ ዝኾነ ስውእ ጅግና ተጋዳላይ ሜ/ ጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ፤ ንወታደራትስ ይትረፍ ንቶም ምኩሓት ጀነራላትን መኮንናትን ፋሺስታዊ ሰራዊት ደርጊ፤ ስሙ ጥራይ እንትለዓል ዘበርግግ ናይማን መርዐዲ መንፈስ ኮይኑ ነበረ። ዳሕራይ ብስሩ እውን ህወሓት ብናታቶም ብህለት "ወያኔ" ንፕሮፓጋንዳ ዝፈጠረቶ ናይ ሓሶት ወረ እምበር ሓየሎም ዝበሃል ሰብ ብጭቡጥ የለን ክብሉ ነታ ብዘየናሕሲ ወያናይ በትሩ ዝሰምበረት ነብሶም ከዐሸውዋ ተረኣዩ።

ኣብ ሓደ መፅሓፍ ተኺቲቦም ዝረኸብክዎም ብዛዕባ ጅግና ተጋዳላይ ሓየሎም ኣርኣያ ዝጥምቱ ሕልና ወታደራት ፋሺስት ደርጊ ካብ ዝመልኡ ግመ ሓሳባት ፍሽኽ እተብል ሓንቲ ኣብነት ከውክስ።

እዋኑ ኣናብስ ተጋደልቲ ደቂ ህዝቢ ንትግራይ ካብ መንጋጋ ፀላኢ ሓራ ኣውፂኦም ናብ ማእኸል ዓዲ ኣብ ዝግስግሱሉ ቅነ እዩ። ኣብቲ ግዘ ካብ መርሳ ናብ ውጫሊ ኣብ ዝወስድ መንገዲ ንሓየሎም ከቕትል ልኣኹቶ ሒዙ ነጋዳይ ብምምሳል ብለይቲ ሸቐጥ ዝፀዓና ኣእዱግ ዝኩኩብ ዕሱብ



Scanned with CamScanner

ኣብ ከባቢ ውርጌሳ ተራእየ:: ምስ ተረኛ ሓለውቲ ኬላ ደርጊ ተረዳዲኡ ብዛዕባ ሓየሎም ዝፈልጥዎ ሓበሬታ ከነግሩዎ እንትሓቶም ድማ ኩሎም ካብ ዝሰምዑዎን ዝግምትዎን ብዙሕ ሃተውተው በሉ:: ካብኣቶም ሓደ:-

"ሀየሎም በአይን ይታያል እሚባለው እንኳ አላምንም:: እንደሚነገረው ሀየሎም ማለት የዲያብሎስ እኅት ነው:: እስካሁን ጥላውን እንጂ ስጋውን ያየ የለም:: ከማይዋሽ ሰው ነው የሰማሁት:: ሲሄድ አይታይም:: ከነ አካሉ የሚታየው ለጥቂት ሰዎች ብቻ ነው:: በተቀረ እንደ አውሎ ንፋስ ነው እየተሽከረከረ እሚዋጋው:: እንደውም እየተሽከረከረ ሲመጣ ወታደሮች ተኩሰው አቁሰለውታል:: ከአውሎ ንፋሱም ደም ሲንጠባጠብ የማይዋሽ ሰው በአይኑ አይቶ ነግሮኛል" ይብል ብጥረኣ:: ንእግረ መንገደይ ድማ እቲ ንሓየሎም ከቕትል ዝተልኣኸ ዕሱብ ኣብታ ሽዓ ለይቲ ኣብ ኢድ ሓየሎም ወዲቑ፤ ንዕባሒቱ ብራድዮ ድምጺ ወያነ ትግራይ ሓጥያቱ ከናዘዝ ከምዝተሰምዐ ከነግረኩም::

እዚ ወነ ፀላኢ ዝሰልበ መሪር ወፅዓን ፅንኩር ቃልሲን ዝወለዶ ተሪር ስብእና ድማ ኣብ ልቢ ሕድሕድ ተጋዳላይ ትግራይ ዝስማዕ ድሙቕ ሀርመት ነበረ:: ምኽንያቱስ ገደል ቁልቁለት- ረጋሕ ዓቐበት -እምባ ኩርባ ሽንጥሮ ቃባ ዘየስኩኖም ሰብ ሓፂን ብርኪ፤ ፃምእን ጥሜትን -መቑሰልትን ሞትን፤ ከባ መሽምብባ -ረሽራሽ ዳርባ -ቁምብላ ቡምባ ድምብርዕ ዘየብሎም፤ ብኣፍ ኣቲዎም ብኣፍንጫ ዝወፁ ዘይዕኮት ትኪ ስለዝኾኑ:: ሽርሒን ውዲትን እድኖን ጥጥኖን ዘይሓልኮም፤ መዝረን መብረን ዘየሸብርኾም በዓል ፅኑዕ መትከል በዓል ቅኑዕ መስመር ዝኾኑ ተጋደልቲ ይትረፍስ ተደፊኦም ከፈርሱ ሓንሳብ ትንዕ ኢሎም ከልተሻብ የውድቑ ንሳቶም::

ግን ድማስ ዓቃላት ከም መሬት ሸኽሞም ዘይኸብዶም፣ ዘይተንከዮም ዘይትንከው፤ እንተተንኪፎም ግን ናይ ሓይሊ ሓይሊ ኣቦኡም ብግስሚት ሓነግ ኣቢሎም ደም የብከዩ::

ወለዶይ ድማ ኣሎ:: ነታ ወየንትን ተጋደልትን ወለዱ ግብሪ ደም ኽፊሎም መባእ ህይወት ወፍዮም ዘጠጥዕዋ ተኸሊ ወይኒ ትግራይ፤ ካብ ሱራ ከምሕው ምስ እልፊ ጋዕ ገልጠሞምን ዘረይቶምን ኣብ መረበታ ዝሰፈሩ "እንበጣታት" ኣብ ዝኾዓትዎ ጉድጓድ ይቐብር::

"ንሶም ካብ ኣቦታቶም ኣይሐሹ ንሕና ካብ ኣያታትና ኣይንንእስ" ኢሉ ዝጨረሐ ትንታግ ወለዶ ዘበነይ በኣርባዕቲኡ ኣንፈት ዝመፁ ደመኛታቱ ደም ከትፈኦም ዓለም ትርኢ ኣላ:: እቲ ካብ ኣያታትይ ኣይንእስን ኢሉ ዝኾርዕ ተባዕ ተጋዳላይ ትግራይ እማኑ ኣይንእስን፣ ትምከሕቲ ዘይፈቱ ኾይኑ እምበር ሓለፋ እኳ ይህልዎ:: እንተ እቶም ካብ ኣቦታቶም ዘይሐሹ ወረርቲ ግን በትሪ ቁጠዐ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይን ምልሻ ትግራይን ፀላዕላዕ ምሰበሎም፤ ከይወሰኹ ከይነከዩ ዕውዕዋይ ኣያታቶም ንፈላጢ ውሽጢ ከደግሙ ይስምዑ::

"ስንሞት እንጂ ሲሙቱን አይታየም:: ከሙቱ ጭንቅላት ከሳቱ ደረት ነው:: ከወገብ በታች አይሙቱም::እነዚህ ልዩ ሀይል እሚባሉት ጭራቶች ግን ሰዎች ናቸው?" ኢሎም ነተን ሳዕሪ እምበር ገደል ዘይረኣ ኣዕንቶም ውራሕራሕ እናበሉ ንሓምሓም ርእሶም የጨንቕዋ:: ብልሳኖም "አለማየ ሌላ መታወቅያው ሌላ" ከምዝብልዎ ፤ ብዝወሃበን ሕርጓቶ ኀይተተን ዝኸድማ ማዕከናት ዜና ማእኸል ዓዲ፤ መራሕተን ብቃንዛ ስጉዲትን እህታን ሻቕሎትን እናተረበፁ ከንሶም፤ ዝነፍሕዎ መለኸት ሕሶት ግን ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ሰማይን ምድርን እዩ:: ግን ድማ ሓንሰሓንሳብ ከፃወርዎ ዘይኽእሉ ወያናይ ሓለንጊ ተጋዳላይ ትግራይ ኣብ ረታቒቶኦም ለብሊቡ መባእ ከምዝበልዎ ሓቂ ሓታ ከለፋልፎም ይስማዕ::

ናብ ገፅ 18 ይቕፅል...



Scanned with CamScanner

## መልእኽቲ #ረመፅ

# ፍትሓዊን ህዝባዊን ቃልሲ ወትሩ ተዓዊቱ !

ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ብረት ኣልዒሉ ኣብ ዘካየዶም ኩሉም ቃልሲታት ብሓደ ነገር ብፍሉይ ይልለ፤ ብፍትሓዊነቱ። 'ፍትሓዊ እዩ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ' ከምዝብልዋቶ። ፍትሓዊነት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ግሁድ ገይሮም ካብ ዘርእዩና መግለፅታት ሓደ ህዝባዊነቱ እዩ። ድሕሪ ሞት ንጉስ ነገስት ዮሃንስ ዘሎ ብቐዳማይን ኻልኣይን ወያነ ዝግለፅ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እንትንርኢ'ኳስ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኩልግዘ ፍትሓዊ ወትሩ'ዉ ህዝባዊ ምኺኑ ቁልጭ ኢሉ እዩ ዝረአየና።

ፍትሓዊነትን ህዝባዊነትን ዝዓንዱ ቃልሲ ግዘ ይሕፀር ይንዋሕ ብዘየገድስ ኩሉ-ግዘ ተዓዊታይ እዩ። ቀዳማይ ወያነ ህዝባዊን ፍትሓዊን ስለዝነበረ ነፈርቲ ኢንግሊዝ ሒዙ ንዘገጠመ መንግስቲ ሃፀያዊት ኢትዮጵያ ኣንቀጥቂጡ እዩ ሓሊፉ። ከምቲ ፃዕዱ 'You have the time, we have the clock' ዝብልዋቶ ቀዳማይ ወያነ ንኻልኣይ ወያነ ረመፅ ደጉሉ ሓሊፉ እምበር ኣይተስዓረን፤ ምኽንያቱስ እቲ ቃልሲ ፍትሓዊን ህዝባዊን እዩ ነይሩ!! ዓሰርተ ሸውዓት ዓመት ዝወደእን ፍረ-ፃማ ህዝቢ ትግራይ ዝተሓፈሰሉን ቃልሲ ካልኣይ ወያነ ድማ መሉእ ሓገዘ ዓበይቲ ፀጋማውያን ሃገራት ንዘነበርን ኣብ ኣፍሪካ ብሉፅ ሰራዊት ሃኒፀ ኢሉ ይብዳዕ ንዘነበረን ደርጊ ሓመድ ድብ ኣእትዩ ካብ ህዝቢ ትግራይ ሓሊፉ ንኻልኦት ብሄራትን ህዝብታትን እውን ተረፉ እዩ። እወ መስተንከራዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፍትሓዊን ህዝባዊን እዩሞ ንመርዛም ጋዘ ኔፓል እውን ኣየተንበርከኸን!!

እቲ ሐዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኣንፃር ወረርቲ ብዓይነቱን ብበዝሒ ወረርቱን ዝተፈለየ ኾይኑ፣ ከለተ ወለዶታት ትግራይ ሰሚሮም ካሊእ መስተንክርን ተኣምራትን እናሰርሕሉ ይርከቡ። ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ህዝባዊን ፍትሓዊን እዩሞ ኣብዚ ናይ ሐዚ ቃልሲ እውን ንማንም ከጎብጥ ወይ ከወርር ኣይበለን፤ የግዳስ ተወሪሩን 'ከነንፅተካ' ይበሃልን ኣሎ እምበር። ፀላእትና ንህዝቢ ትግራይ ንበይኖም ገጢሞም ከስዕርዎ ከምዘይኽእሉ ስለዝፈልጡ ድማ ከምልማዶም ከካብ ዘለውዎ ተፀዋዊዖም እዮም ህዝቢ ትግራይ ንምንፃት ዝወፈሩ። ንሶም ዘይፈልጥዎ ሓደ ነገር ግን ኣሎ፤ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ወትሩ'ዉ ፍትሓዊን ህዝባዊን እዩሞ ሓይልታት ትምክሕቲ፣ ሻዕብያን ዘመናዊ ኣፅዋር ኤምሬትስ ሒዞም መጺኦም እውን ከንበርከኽዎ ኣይኽእሉን። ከም ውፅኢቱ ድማ ድሮ እኳስ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ሓራ መሬት ፈጢሩ፣ ሽጉ ወሊዑ ባንዴራ ሓርነት የምበልብል ኣሎ። ከም ኩሉግዘ መሬት ትግራይ ንወረርትን ባንዳታትን ረመፅ ኾይና ዘዝመፀ ወራሪ ዝቐበረላ ኮይና ድማ ትርከብ።

ሒዝናዮ ዘለና ቃልሲ ንትግራይ ካብ ዕንክሊል ፈፂሙ ኣውፂኡ ናብ መሉእ ሓርነት ዝመርሕን ምእንቲ ዘላኣለማዊ ቅሳነት ትግራይን ዝግበር ዘሎ ዕንኩር ቃልሲ እዩ። ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ሒዝዎ ዘሎ ቃልሱ ኣሐይሉ ኣብ ዘቐፅለሉ፤ ህዝባዊን ፍትሓዊን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ድማ ዝምጥኖን ዝግበኦን ፍፁም ሓርነት ከጭብጥ ኣብ ጫፍ ኣብ ዝበፅሓሉን እዋን ድማ ንርከብ!!!
ትግራይ ትስዕር!!

---

ኣብ ትሕቲ #ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ብዘካፍሊ ሚድያን ደዘሚንቴሽንን #ረመፅ እናተሰናድኣት እትቐርብ ልሳን ቃልሲ መፅሄት #ረመፅ

ካልኣይ ሕታም፤ ግንቦት 2013 ኣቆፃፅራ ግእዝ !

Scanned with CamScanner